
# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.295 ሰሉስ 11 ነሓሰ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ጸገም ሕጽረት እስትንፋስ ብኸመይ ነለልዮ፧




ገጽ 4
ደሃያት 'መሓመዲኖ'

ገጽ 5
ባጕም ባጕም - ዛንታ 'ተለኩም



ገጽ 9
ምልእ ጥዕናን ንምውናን



ገጽ 11
ማጆሬን ናዝሬትን፡ ዕጡታት ሃገራዊ ውድድር . . .



## ሚኒስተር ትምህርቲ፡ ኣብ ኣፍዓበትን ናቕፋን ናይ ስራሕ ዑደት ኣካዪዳ

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ ካብ 3 ክሳብ 7 ነሓሰ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበትን ናቕፋን ናይ ስራሕ ዑደት ኣካዪዳ።

ሚኒስተር ሓሊማ ኣብ ዑደታ፡ ምስ ኩነታት ሰበኽሶማ ብዝሰ ፍሉይ ዓውዲ-ኣዋርሕ ኣገልግሎት ንዝህባ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣሰቃቕ ደባዲብን ቀርቲ-ቀያሕን ብምብጻሕ፡ ኸኢጋስ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ተዓዚባ፡ ከምኡ'ውን ምስ ህዝቢን ምምሕዳራትን ዘትያ።



ኣብ'ቲ ዑደት፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መምህር ረሽድ መሓመድ-ዑስማንን ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጂብን፡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ትምህርትን ዝርአ ሕጽረታትን ብድሆታትን ዘምልከት መብርሂ ሂቦምዋ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስተር ሓሊማ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ መስርሕ ህንጻት ዝርከብ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዝበጽሓትሉ፡ እቲ ስራሕ ብዛዕባ ዝቀላጠፈሉ ኩነታት ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተዘራሪባ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ልዕሊ 17 ሽሕ ኣብ ሰሩዕ ትምህርቲ ዘለዉ ዝርከብዎም ልዕሊ 25 ሽሕ ተመሃሮ ኣለዉ።

ሚኒስተር ሓሊማ መሓመድ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣብ ዝገበረቶ ተመሳሳሊ ዑደት፡ ኩነታት ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ጻብራ፡ ኣ'ስሙድን ቅናረጥን ብምብጻሕ፡ ኩነታተን ተዓዚባ መብርሂ ተዋሂብዋ።

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - መምህራን ቅድመ-ትምህርቲ ሰልጢነን

ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ ብዘወጸ መደብ፡ ኣብ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ጻብራ ናይ ሓደ ወርሒ ስልጠና ስዒምምህርና ዝቐሰማ፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ኣዶብሓ፡ ቅሮራ፡ ሽዕብ፡ ኣፍዓበትን ናቕፋን ዝተዋጽኣ 163 ሓደስቲ መምህራን፡ ብ4 ነሓሰ ተመረቓ።

እቲ ብሚኒስትሪ ትምህርትን ናይ ስራሕ መኻርኽቱን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ውጥን ትምህርቲ፣ ኣገባብ ምግዳ ተመሃሮ፣ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መምህር ክገብሮ ዝግባእ ኣተሓሕዛን ናብዮትን፣ ከምኡ'ውን ሜላታት ምልላይ ጸገማት ተመሃሮይን ኣገዳሲነት ስሉሳዊ ዝምድናን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ ዞባ ሰቀባሕሪ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ብዝተገብረ ወፍሪ፡ 225 ሓደስቲ ነቓጣታት ቅድመ-ትምህርቲ ከምዝተኸፍታን ኣሰታት 14 ሽሕ ቈልዑ ዕድል ትምህርቲ ከምዝረኸቡን ሰነዳት የጽንዑ።

## ማእከል - ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበን ክብ ንምባል ኣስተምህሮ ተዋሂቡ



ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን ክብ ንምባል ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ብ9 ነሓሰ ተኻዪዱ።

ኣዛዚት 4ይ መደበር ፖሊስ ካፕቴን መርየም ጣህር ንዝበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ማይ-ኣፍራስ፡ ሓዝሓዝን እምባጋልያኖን ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ኣብ ዝሓለፈ መንፈቕ 147 ገበናትን 263 በደላትን ከምእተመዝገበ ብምጥቃስ፡ ንቑሕ ተራ ኮም ክዓዝዝ ጸዊዓ።

ንምጥሓስ ሕግታት ትራፊክ ብዝምልከት ድማ፡ ጠቕላላ ጉድለት ብምፍጻም ዝተኸሰ ተሽከርከርቲ 3,205 ከምዝበጽሑ ብምሕባር፡ እተን 2,187 ብሽከሊታት ስለዝበጽሑ፡ መራሕቲ ብሽከሊታታት ብሕግታት ትራፊክ ክመላለሱ ኣዘኻኺራ።

ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኣቶ ተኽሊት ዓንደም ብወገኑ፡ ሰላም ከባቢ ንኽውሓስ፡ ሕብረተሰብ ብዋዜ ለይትን ቀትርን ዝፍጸም ገበናትን በደላትን ኣብ ምቕላዕ ተርኡ ክዕዝዝን ዕማማት ፖሊስ ንምስላጥ ክተሓባበርን ተላቢዩ።




ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ናይ ጎደናታት መብራህቲ ቅልጡፍ ጸገና ክግበረሉ ብምዝኽኻር፡ ንደቆም ኣብ ምኽሳኻስን ምክትታልን ብዕቱብ ከምዝንቀሳቐሱ ኣረጋጊጾም።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ዕዳጋ-ሓሙስ ወ/ሮ ሳሊሓ መሓመድ ብወገና፡ ገበናትን በደላትን ንምክልኻልን ገበኛታት ንምቕላዕን እቲ ቀንዲ ክኸውን ዘለዎ ምትሕብባር ህዝብን ፖሊስን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ወለዲ ኣብ ምምእዛን ደቆም ብቐጻሊ ክሰርሑ ኣዘኻኺራ።

ዜና

# ጋሽ ባርካ - ሓረስቶት፡ ደርቂ ዝጸወሩ ኣእካል ክዘርኡ ሞያውያን ኣተሓሳሲቦም

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ዋሕዲ ዝናብን ምድንጓይ ክራማትን ኣብ ዝኸስተሉ እዋን፡ ሓረስቶት ደርቂ ዝጸወሩን ቀልጢፎም ኣብ ፍረ ዝበጽሑን ምሩጻት ኣዝርእቲ ክጥቀሙን፡ ከምኡ’ውን ጥቡ ዝበለት ማይ ኣብ መዓላ ንምውዓል ዝሕግዙ ሜላታት ክዘውትሩ፡ ሰብ ሞያ ሕርሻ መኺሮም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ኣቡብከር ዑስማን ንኤረና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ሙብዝሕትኡ ከባቢታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝናብ ደንጉዩ ኣብ ርእሲ ምጅማሩ፡ ብዘርግሖን ዓቐንን’ውን ከም’ቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ስለዘይኮነ፡ ኣብ ሰፊሓት ዝሕረስ መሬትን ደረጃ ዕበየት ዘራእትን ኣሉታዊ ተጽዕኖ ከምዘፈጠረ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ዝርከቦ ዝናብ ኣብ መዓላ ንምውዓል ግርህኦም ብዋጋቱ ክዛልዩን ክደላደሉን፡ ከምኡ’ውን ኑቲ ኩነታት ዝጸወሩ ምሩጻት ኣዝርእቲ ክጥቀሙ መኺሩ።

ሎሚ ዓመት ክራማት ብደረጃ ዞባ ኣስታት 291 ሽሕ ሄክታር ክሕረስ መደብ’ኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ዋሕድን ምድንጓይን ዝናብ ዛጊት 76 ሚእታዊት ከምእተሓርሰ ዝሓበረ ሓላፊ ጨንፈር ልምዓት ብቖሊ ኣቶ ነጋሲ ሃብተሚካኤል፡ ሓረስቶት ተኸሲቱ ዘሎ ምምዛብል ወቕትን ዋሕዲ ዝናብን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ትራክተራት ከይተጸበዩ ብዘለዎም ክኣርሱ፡ ደርቂ ዝጸወሩን ኣብ ሓጺር ግዜ ዝፈርዩን ኣዝርእቲ ክጥቀሙን ከምኡ’ውን ግራውቶም ብዋጋቱ ደኪዮም ንዝተረኽበ ማይ ኣብ መዓላ ንምውዓል ኣብርቲዖም ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።



እቶም ሞያውያን ሕርሻ ኣብ መወዳእታ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብሓፈሻ ምድልዳል ናይ ሕርሻ መሬት ድማ ብፍላይ ካብ’ቶም ብዕቱብ ክትግበሩ ዝግባኦም ሜላታት’ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ከም’ቲ ዝድለ ከምዘይሰልጠ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ሓረስቶት ካብ ተጸባይነት ልዑል መጠን ክረምታዊ ዝናብ ከምዘይተናገፉ ብምምልካት፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብቐጻሊ ክሰራሓሉን ነቕሊ ኣብ እዋኑ ክተየድን፡ ዋሕድን ምድንጓይን ዝናብ ኣብ ዝኸስተሉ ወቕቲ ድማ ጥቡ ዝበለት ማይ ኣብ መዓላ ንምውዓል ዝሕግዙ ሜላታት ክኽተሉ፡ ተቐላጢፎም ክዘርኡን ሞያዊ ምኽሪ ክኽተሉን ተማሕጺኖም።

# ማእከል - መባእታ ቤት-ትምህርቲ እምበይቶ፡ መሰረታዊ ምሕዳስ ህንጻ ተኻዪዱላ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ተደኲና እትርከብ ናይ መባእታ ቤት-ትምህርቲ እምበይቶ፡ ብኣበርክቶ ኮም መሰረታዊ ጽገና ህንጻን ትሕተ-ቅርጻን ተኻዪዱላ።

ርእሰ-መምህር ናይ’ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር መሓሪ ተኪኤ፡ ዚንነታት ናይ 8 ክፍልታት ብሓደሽ ክትካእ ከሎ፡ ኣርባዕተ ብሎኮት ተሓዲሶ፡ ብሬት ዝበረ ቀጽሪ ድማ ብጽምኒን ብሉኬቲን ከምእተቐየረ ገሊጹ።

ሕጽረት ናውቲ ቤት-ጽሕፈት ንምምላእ ብዝተወሰደ ተበግሶ’ውን፡ እቲ መሰረታዊ ጠለብ ከምእተማልአን ኩቡሕታት ብሓደሽ ከምእተተክአን ኣረዲኡ።

ነብርቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ሕጽረታት ምምላእን ጸገማት ምፍታሕን ንመንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ተበግሶታት ኣብ መጻኢ ከምዝቕጽልዎ ኣረጋጊጾም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስን ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዳኒኤል ሰለሙንን ብወገኖም፡ ብነብርቲ እምበይቶ ንዝተወሰደ ተበግሶ ድሕሪ ምምስጋን፡ ካልኦት ዓድታት ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዳ ኣዘኻኺሮም።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር መሰፍን ወልደሰላሰ ብወገኑ፡ እቲ ስራሕን ውጽኢቱን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን እወታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክደፋኣሉ ጸዊዑ።

ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ፈልሲታት ክትትከል ከሎ፡ ኣብ’ቲ ዝተሳለጠ ዕማም ኣበርክቶ ንዘበርኩ ኣካላት ወረቐት ምስጋር ተዓዲሉ።



ስእሊ. ዙበር ስዒድ


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ኣብ ዓሰብ፡ ሓደጋ ባርዕ ኣብ ንብረት ጉድኣት ኣውሪዱ



ኣብ ንኡስ ዞባ ዓሰብ - ምምሕዳር ከባቢ ብሌንኾማ፡ ናብ 9 ነሓሰ ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ ኣብ ንብረት ጉድኣት ኣውሪዱ።

ቡቲ ድሕሪ ሰዓት 2:00 ናይ ለይቲ ካብ ሓንቲ ትካል ተበጊሱ ናብ 7 ትካላትን መንበሪ ኣባይትን ዝለሓመ ባርዕ ዘውረደ ክሳራ ከቢድ ምዃኑ፡ ሓላፊ መርመራ ገበን 1ይ መደበር ፖሊስ መንእሰይ ጀማል ጣሂሩ ሓቢሩ።

እቲ ኣባይቲ ብጠዋሉ ዝተሰርሐን ዝተሊጋገበን ብምዃኑ ኑቲ ባርዕ ዝያዳ ከምዝጋደደ ብምጥቃስ፡ ኣብ ንብረት ዘውረደ ክሳራ ልዕሊ 1.3 ሚልዮን ከምዝተገመተ ገሊጹ።

ኣዛዚ 1ይ መደበር ፖሊስ ምኽትል ተለንት ሻውሽ ወልደጋብር ብወገኑ፡ እቲ ኩነታት ከቢድ ከምዝነበረ ብምግላጽ፡ ኑቲ ሓዊ ኣብ ምጥፋእ ህዝብን ሰራዊትን ብኣሃዱ መጥፋእቲ ሓዊ ተሓጊዞም ንዝነበርዎ ኣበርክቶ ብምምጋስ፡ ብሸለልትነት ካብ ዝኸሰት ሓደጋ ጥንቃቐ ክግበር ተላቢዩ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጸገም ሕጽረት እስትንፋስ ብኸመይ ነለልዮ፧

ሕጽረት እስትንፋስ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ዳይስፕኒያ' (dyspnea) እዩ ዝበሃል። እዚ ጸገም'ዚ ናብ ሳንቡእ እኹል ኣየር ክኣቱ ብዘይ ምኽኣሉ ዝፍጠር እዩ። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት፡ ኣፍ-ልቢ ክጸብብ ወይ ክእሰር ልሙድ ተርእዮ እዩ።

ሕጽረት እስትንፋስ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ክኸውን ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ እዋን ምስ ጥዕናዊ ጸገም ናይ ልብን ሳንቡእን እዩ ዝተኣሳሰር። ጸዕቂ ዕዮ ብምዕያይ ወይ ከቢድ ምውስዋስ ኣካላት ድሕሪ ምፍጻም ዝርአ ግዝያዊ ሕጽረት እስትንፋስ'ውን ኣሎ። እዚ ብዙሕ ግዜ ንፋስ ኣብ ዘለዎ ቃልዕ ከባቢ ብዓቢኡ ዕረፍቲ ድሕሪ ምርካብና ቀልጢፉ ክሓዊ ይኽእል።

ሓደ በጽሒ ኣብ ተዛ ኣብ ዝህልወሉ እዋን መጠን እስትንፋሱ ካብ 12 ክሳብ 20 ሳዕ ኣብ ደቒቕ ይልካዕ። ሓደ እስትንፋስ፡ ኣየር ናብ ውሽጢ ኣእቲና፡ ንዝተቓጸለ ካርቦን ንደገ ነውጽእ ዘሎ ናይ ትግባረ ግዜ እዩ ዝልካዕ። ህጻናትን ቆልዑን ካብ ኣዕጽሕ ዝያዳ ዝቐልጠፈ መጠን እስትንፋስ ክህልዎም እኳ እንተሎ፡ ምስ ዕድመ ናይቲ መጠን እስትንፋስ እናንኣሰ ይኸይድ።

### ንቡር መጠን እስትንፋስ ብዕድመ

- ሓዲሽ ዝተወልደ ክሳብ ሓደ ዓመት ህጻን፦ ካብ 30 ክሳብ 60 ሳዕ እስትንፋስ ኣብ ደቒቕ፡
- ካብ 1 ክሳብ 3 ዓመት ዕድመ፦ ካብ 24 ክሳብ 40 ሳዕ እስትንፋስ ኣብ ደቒቕ፡
- ካብ 3 ክሳብ 6 ዓመት ዕድመ፦ ካብ 22 ክሳብ 34 ሳዕ እስትንፋስ ኣብ ደቒቕ፡
- ካብ 6 ክሳብ 12 ዓመት ዕድመ፦ ካብ 18 ክሳብ 30 ሳዕ እስትንፋስ ኣብ ደቒቕ፡
- ካብ 12 ክሳብ 18 ዓመት ዕድመ፦ ካብ 12 ክሳብ 18 ሳዕ እስትንፋስ ኣብ ደቒቕ፡
- በጽሒ፦ ካብ 12 ክሳብ 20 ሳዕ እስትንፋስ ኣብ ደቒቕ ይልካዕ።

### መጠን እስትንፋስና ብኸመይ ንልክዖ፧

- ቅድሚ ምልካዕና ንዝተወሰነ ደቓይቕ ኮፍ ወይ ጎቦ ኺንና (ደቂስና) ክንዛዘ ይግባእ።
- ብዙሓትና መጠን ብዛዕባ እስትንፋስና ክንሓስብ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ነቲ መጠን እስትንፋስ ክጽልዎ ስለ ዝኽእል።
- ብድሕሪዚ ኣፍ-ልብና ኣብ ውሽጢ ሓደ ደቒቕ ዝርአዮ ናይ ምንፋሕ ተግባራት እናስተብሃልና ብጥንቃቐ ክንቆጽር ንኽእል።

እቲ መጠን ኣብ ግዜ ሕጽረት እስትንፋስ

ሕጽረት እስትንፋስ ኣብ ዘጋጥመና እዋን፡ ናብ ሰብነትና ኣየር ክኣቱ ሓያል ጻዕሪ ስለ ዝሓትት፡ እቲ መጠን እስትንፋስ ቀልጢፉ እዩ ዝኸውን። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ መጠን እስትንፋስ ካብ 20 ክሳብ 24 ሳዕ ኣብ ደቒቕ ይልካዕ። ሓደ ሰብ ሕጽረት እስትንፋስ ኣብ ዘጋጥሞ እዋን፡ ምስቲ ዘርእዮ ናይ ምስትንፋስ ምጭንናቕ እዞም ዝስዕቡ ኣካላዊ ምልክታት የርኢ እዩ፦

- ምእንቲ ከስተንፍስ ናይ ክሳድን ኣፍ-ልብን ጭዋዳታት ክንቀሳቐሱ ይርአ፡
- ምልእ ሓሳባት ዘለዎ ዘረባ ክሰምዕ ይሽገር፡
- ኣብ ገጹ ናይ ፍርሕን ራዕድን ምልክታት ይንበብ፡
- ብሰንኪ ሕጽረት ኦክሲጅን ሕብሪ ቆርበቱ ብፍላይ ከናፍሩ ሰማያዊ ሕብሪ ክሕዝ ይጅምር።

### ምልክታት

ሓደ ካብቲ ልሙድ ምልክት ሕጽረት እስትንፋስ፡ ክተስተንፍስ እንከለኻ ሓያሎ ጻዕሪ ምርኣይ እዩ። ድሕሪ ኣድካሚ ዕዮ ዝመጽእ ሕጽረት እስትንፋስ ካብ 1 ክሳብ 2 ደቓይቕ ጸኒሑ ዝሓድፍ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ሕዱር ሕጽረት እስትንፋስ ዝበዝሕ ግን ነዊሕ ዓመታት ምሳኻ ዝኸይድ እዩ።

እቲ ሕጽረት እስትንፋስ ኣብ ልኡም ኩነታት (mild cases) ምስ ዝህሉ፡ ሳንቡእ ካብቲ ዘድልዮ እኹል ኣየር ቁሩብ ዝውሕድ ትቕበል ከም ዘላ ዘመልክት እዩ። ኣብዚ ኣፍ-ልቢ ናይ ምጭብጣጥ ምልክት'ውን ክርአ ይኽእል እዩ። እቲ ኩነታት ጽኑዕ (severe cases) ምስ ዝኸውን ከኣ ኣብ ዝኸፍአ ኣኸቢ፡ ብፍላይ ሰብ ኣብ ዝበዝሖ ዕጹው ክፍሊ፡ ብቐሊሉ ናይ ምዕባስ ምልክት ከተርኢ የገድድ።

ድሕሪ ምሕር ስራሕ ወይ ከቢድ ምውስዋስ ኣካላት ዝፍጠር ሕጽረት እስትንፋስ - 'ዳይስፕኒያ'፡ ቀልጢፍካ ክትለልዮ ዝከኣል እዩ። እንተኾነ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስ ዘርኣኻ ቀልጢፍካ ናብ ሕክምና ክትከይድ ይግባእ።


- ምውስዋስ ኣካላት ወዲእካ ኣብ ተዛ እንከለኻ ሻቡ እቲ ሕጽረት እስትንፋስ ይመጽእ እንተሎ፡
- እቲ ሕጽረት እስትንፋስ ድሕሪ ምውስዋስ ምውዳእካ ክትፍውሶ ዋላ ፈቲንካ ቀልጢፉ ክሓድገካ ምስ ዘይክእል፡
- እቲ ሕጽረት እስትንፋስ ክርድኣካ ብዘይክእል ምኽንያት ክመጽኣካ እንከሎ።

### ጠንቂ

ምውስዋስ ኣካላት ሓደ ካብ ንሓጺር-እዋን ዝጸንሕ 'ዳይስፕኒያ' ዘለዓዕል ተባሂሉ ብዙሕ ግዜ ዝጥቀስ ጠንቂ እዩ። ድሕሪ ከቢድን ኣህላኽን ምውስዋስ ኣካላት፡ ኣካላትና ዝጠልቦ እኹል ኦክሲጅን ናብ ሳንቡእና ስለ ዘይኣቱ፡ ክንዛረብ ክሳብ ንጸገም ትንፋስ ይሓጽረና እዩ። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት፡ እስትንፋስና ናብ ንቡር ክምለስ ውሑዳት ደቓይቕ እዩ ዘድልዮ። ግቡእ ዕረፍቲ ምስ እንረክብ ማለት እዩ።

ኣብ ዝለዓለ ብራኸ ምስ እንህሉ፡ ጸቕጢ ኣየር እናንኣሰ፡ ሞለኪዩላት ኣየር (ኦክሲጅን) ደማ እናውሓዱ ስለ ዝኸዱ፡ ግዝያዊ ሕጽረት እስትንፋስ ኪጋጥመና ንቡር እዩ።

ሕጽረት እስትንፋስ፡ ብዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት'ውን የጋጥም እዩ።



#### ገለ ካብቶም ጠንቂ ናይ ሓጺር-እዋን ሕጽረት እስትፋስ ኮይኖም ዝጥቀሱ ኩነታት፦

- ሃንደበት ዝመጽእ ድኻም ልቢ፡
- ትሑት ጸቕጢ ደም፡
- ኒሞንያ፡
- ምርጋእ ደም ኣብ ሳንቡእ (pulmonary embolism)፡
- ሃንደበት ዝፍጠር ድኻም ኣብ ሳንቡእ (pneumothorax)፡
- ምምራዝ ብካርቦን ሞኖክሳይድ፡
- መልሰ ተግባር ናይ ከቢድ ቁጥዐ (anaphylaxis)፡
- ወጥሪ ወይ ሻቕሎት፡
- ልዕሊ ንቡር መቐት፡
- ጸገም ኣብ ሽፋን ሳንቡእ፡
- ጸገም ኣብ ስርዓተ-እስትንፋስ፡

ንእሽቶ ቁራስ መግቢ ወይ ዝኾነ ንእሽቶ ነገር፡ ኣየር ንዝሓልፈሉ ማስመር ምስ እትዓግቶ፡ ሕጽረት እስትንፋስ ኪጋጥመና ይኽእል እዩ።

ኣብ ሳንቡእ ዘጋጥም መጉዳእቲ፡ ብዘበዘሐ ደም ከምዝፈስስ ብምግባር፡ ከቢድ ሕጽረት እስትንፋስ ኪጋጥመና ይገብር።

ምስ ዕድመ ንዊሕ እዋን ተደጋጊሙ ዝመጽእ ሕጽረት እስትንፋስ ኪጋጥመና'ውን ይኽእል እዩ። እዚ ዓይነት ዘይንቡር ተርእዮ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ምስ ዝቕጽል - ሕዱር ጸገም 'ዳይስፕኒያ' ተባሂሉ ይጽዋዕ።

- ሕዱር ጸገም ኣብ ስርዓተ እስትንፋስ፡
  - በሰላ ኣብ ቲሹታት ሳንቡእ (interstitial lung disease)፡
  - ኣካላዊ ግዝፈ (ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናን ወይ ምኽሳዕ)፡
  - መንሽሮ ሳንቡእ፡
  - ጸቕጢ ኣብ ሰራውር ደም (pulmonary hypertension)፡
  - ፈሳሲ ኣብ ኣፍ ልቢ (fluid in the chest)፡
  - ሕማም ልቢ፡ ኣዝማን ኒሞንያን ሕዱር 'ዳይስፕኒያ' ክፈጥሩ ዝኽእሉ ጠንቅታት እዮም።

### ፍወሳን ምክልኻልን

'ዳይስፕኒያ' ንምፍዋስ ፈለማ ነቲ ጸገም ዘኸትሉ ጠንቅታት ምልላይ ኣገዳሲ እዩ።

ኣመጋግባን ምውስዋስ ኣካላትን

እቲ ሕጽረት እስትንፋስ ብሰንኪ ክብደት ወይ ግዝፈ ሰብነት ዝመጽእ ምስ ዝኸውን፡ ወይ ኣካላዊ ብቕዓትካ ክትቆጻጸር ብዘይ ምኽኣል ደስዑብ ምስ ዝህሉ፡ ኣብ ኣመጋግባኻ ኣተኲርካ ብምግባር ግቡእ ምውስዋስ ኣካላት ክተካይድ ኣሎካ።

### ምትካኽ ምቁራጽ

'ዳይስፕኒያ' ምክልኻል ማለት ነቶም ጠንቂ ዝኾኑ ብዙሓትእለ መጠን ምእላይ ማለት እዩ። ሓደ ካብቲ በዚ ሕማም ክትጥቃዕ ዘለዓዕል ተኽእሎ ምትካኽ ሽጋራ እዩ። ምትካኽ ሽጋራ ነቲ ኣትካኺ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ዘለዎ ከባቢ'ውን ዝበክል ሕማቕ ልምዲ እዩ። ስለዚ፡ ሽጋራ ምትካኽ ምቁራጽ።

### ካብ ዝተበከለ ኣየር ጥንቃቐ ምግባር

ብኮላ ኣየር ንሕጽረት እስትንፋስ ዘጋድድ ወዲ ሰብ ካብ ዝፈጥሮም ጠንቅታት ተባሂሉ ይግለጽ። ኣሰኪፊ ዝኾነ ብቐዓት ኣየር ኣብ ዘለዎ ከባቢ ምስ እትህሉ ማስክ ክትውዲ ዝበለጸ እዩ።

### ስርዓተ እስትንፋስ እንታይ እዩ፧

ስርዓተ እስትንፋስና፡ ንዝተፈላለዩ ኣካላት ሰብነትና ብምርኻብ ኣወሃሂዱ ክስተንፍስ ዝሕግዘና ስርዓት እዩ። ኣብ ከባቢና ካብ ዘሎ ኣየር ኦክሲጅን ስሒቡ፡ ብደም ናብ ኩሉ ክፍሊ ኣካላትና ዘበጽሕ፣ ዝተቓጸለ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ደማ ንደገ ዘውጽእ ስርዓት እዩ። እቶም ኣገደስቲ ክፍልታት ናይዚ ስርዓት፡ ኣየር ዘሕልፉ ሻምብቆታት፡ ሳንቡእን ናይ እስትንፋስ ጭዋዳታትን እዮም።

ስርዓት እስትንፋስና ኩነታት ጥዕናና ዝሕብር ኣገዳሲ ክፍሊ ሰብነትና እዩ። በዚ እዩ ድማ፡ ሕክምና ኣብ እንኸይደሉ እዋን፡ ብዓል ሞያ ጥዕና ቅድሚ ዝኣገረ ካብ ዝልክዖም ስርዓት ኣካላትና ሓደ ስርዓት እስትንፋስና ዝኸውን። ኣብ ደቒቕ ክንደይ ክስተንፍስ ኣለና ንምፍላጥ።

### ኣካላት ስርዓተ-እስትንፋስ

- ኣፍንጫን ጉርጓሕ ናይ ኣፍንጫን፡
- ኣፍ፡
- ጎረሮ (pharynx)፡
- ሳጹን ድምጺ (larynx)፡
- ጉርጉማ (trachea)፡
- ዲያፍራም (Diaphragm)
- ሳንቡእ፡
- ሻምብቆ ጉርጉማ (Bronchial tubes/bronchi)፡
- ጨንፈር ጉርጉማ (Bronchi-oles)፡
- ከረጺት ኣየር (alveoli) ከምኡ'ውን
- ቀጢን ሱር ደም (Capillaries) እዮም።

### ብኸመይ ነስተንፍስ፧

ኣየር ብመንገዲ ኣፍና ወይ ኣፍንጫና ናብ ውሽጢ ክኣቱ ምስ ጀመረ እዩ እስትንፋስ ዝጅምር። እቲ ኣየር ብጎረሮ ኣቢሉ ናብ ጉርጉማ ይኣቱ። ኣብኡ ናብ ሻምብቆታት ጉርጉማ ይመቓቐል።

እቲ ዝሰሓበናዮ ኣየር ካብ ሻምብቆ ጉርጉማ፡ ናብ ጨናፍር ጉርጉማ ተመቓቒሉ ኣብ ንኣሽቱ ከረጺት ኣየር ይመልእ። ሰብነትና ክሳብ 600 ሚልዮን ንኣሽቱ ከረጺት ኣየር ኣለዎ።

እቶም ከረጺት ኣየር ብኣዝዮም ደቀቕቲ ሻምብቆታት ደም ዝተኸበ እዮም። በዚ መንገዲ'ዚ ድማ እቲ ካብ ደገ ዝሰሓብናዮ ኣየር ናብ ሻምብቆታት ደም ተሓዊሱ ናብ መላእ ሰብነት ናብ ዝርከቡ ዋህዮታት ይበጽሕ።

ዋህዮታት ሰብነትና ነቲ ዘቃጸልዎ ኣየር ማለት ካርቦን ዳይኦክሳይድ ብደም ኣብሊዖም ናብ ሳንቡእ ይመልስዎ። ሳንቡእ ብእስትንፋስ ንደገ ከም ዝወጽእ ትገብሮ።

ሳንቡእና ብዓቢኡ ዝኸኣላ ክትገብር ማስመራት ኣየር ብዘይጉእ ክኽፈቱ ኣለዎም። ካብ ዝኾነ ዓይነት ነድሪ ምቅጻልን ካልእ ጸገማትን ናጻ ክኾኑ ይግባእ።

ምንጪ፦ health line

#### ኲሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መደብ ቁላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መሬትን ኣከባብን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሰሰ ስፖርት |
| 14:25 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | መኣዝን |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ድግግም) |
| 18:25 | ጨናፍራ ጥዕና |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዘማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጋሻ ማእገር |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



ሽባብ
ሃማመተኤ

# ሓሳባት

## ባጉም ባጉም - ዛንታ ’ተለኩም

ኣሮን ተስፋኣለም

“ብማኪና
ብማኪና
ኣያይ መዓረይ ተማልኣና”

እናበላ ናእሽቱ ኣሕዋትና ንብዓል ማኪና ክውድሳ ሰሚዐ ኣለኹ። ኣይታንቲ ግን ነዛ ልዒላ ዝተጠቕሰት ሓጻር ግጥሚ፡ መበቈላዊ ዜማኣ ከይቀየረ፡ ቀምቅመኒ መበሊት’ዩ ዝጥቀመላ።

“ሓደ ማኪና ዘይብሉ ሰብ ከም ማሕበራዊ ግሉል ኣብ ዝውሰደሉ ዓለም፡ ብዘይ ማኪና ምንባር ኣጸጋሚ ይኸውን። ካብዚ ብምብጋስ ድማ፡ ንብዙሓት፡ ምውናን ማኪና ሕርያ ዘይኮነስ ግዴታ’ዩ፡” እትብል፡ ኣይታንቲ ካብ ገለ ዘምጸኣ ሓሳብ፡ ሓደ እዋን ብዙሕ ኣካቲዓትና ነይራ። መብዛሕትኡ ዕላሉ ኣብ ዙርያ ማካይን ስለ ዘሸኰንድር፡ ኣብ መንጎ’ተን እናቐምቀምኩዎ ዘዕለለኒ ዕላላት ካልእ ዘይርስዓ፡ “ማኪና ሓጢኣት ዘይብላ መስተፋቕር እያ፡” እትብል ማሪታዊት ኣርኣእያ’ውን ኣማዕቢሉ ነይሩ።

ብዕድመ ኣብ ፈለማ ኣርባዓታት’ዩ ዝርከብ። ናይ ብርሒ ምልክት’ኳ እንተ ዘይብሉ፡ ኣብ ልዕሊ ጉንዲ ኣእዛኑ ጽዑቕ ሽበት ኣለዎ። ምስተን ሽበት ቅድወት ከም ዘይብሉ ዘረጋገጽኩ፡ ምቕምቃም ብእኣን ክጅምር ተደጋጋሚ ምስ ኣዘኻኸረኒ እየ።

ዝሓለፈ ሰንበት ቅድሚ ቀትሪ’ዩ፣ ኣብ ኣፍደገ ቀጽሪ ገዛኡ፡ ከምቲ ልሙድ እናቐምቀምኩዎ፡ “ኣታ ‘ዛ ማኪነታኻ ትቕንጡ’ላ፣ ናይ ደሓን ድያ፧” በለኒ።

“ካብ ጸጉርኻ እዩ እቲ ጸገም። ኣይተሰተውዕለለይን ኢ’ኻ’ምበር፡ ንብረተይ ከይሰበር ብጥንቃቐ’ኳ’የ ዘቕምቕመካ፡”



“ንንታይ ማለትካ’ዩ፧”

“ኣታ ወዲ! ከይተቖምቀምካ እንተ ቀኒኻ፡ ኣብ ርእሰኻ ፊደላት ‘ጨጨ’ ዝተጻሕፈ ኩይኑ እዩ ዝስመዓኒ።”

“ዶ! ንስኻ ደኣ ኣብ ካልእ እንዲኻ ዘለኻ፡ ነዛ ርእሰይ’ሞ ሕጂ ከም ስቱርዖ ናይ ማኪና ስቕ ኢልካ ኣይትጠዋወያ፡” ኣልጊቡ ድማ፡ “ንምኻኑ፡ ማንጃ ፍቓድ ኣሎካዶ፧” ብምባል ሓተተ።

“ናይ ምንታይ ማንጃ ፍቓድ’ዩ’ዚ’ኸ፧” ኣነ ተመሊሰ ሕቶ ኣቕረብኩሉ። ኮነ ኢለ’የ፡ ምእንቲ ክዛርቦ።

“ርእሲ ሰባት ናይ ምዛር፧” መለሰ ሓውሲ እናተፈሸኸ። “ናይ ማኪና መምርሒ ፍቓድ ምውጻእ ከም ሎሚ ቀሊሉ ኣይፈልጥን’ዩ። ብዓል ንስኻ ከኣ ተገቢ’ዘክሎምሉ ሜትኩም። ቀሩብ! ዋላ ንብዓል ንኣና’ኳ ክትጥቀሙልና ኣይትኽእሉን፧”

ኣይታንቲ ኣካዳዲ ናይታ ብሰድራኡ እትውነን ቤት ትምህርቲ ምምራሕ ማኪና ምስ ምኻኑ፡ ኣብቲ ኣሎ ዝብሎ ሓሳባት ማኪና፡ ምውዕዋዕ ከም እምበቲቶ ሸኩዑ እዩ ዝህበኒ።

“ማኪና ከይሓዝካ’ሞ መምርሒ ፍቓድ ናይ ማኪና ምድርዳር እንታይ ትርጉም ኣሎዎ፧”

“ሓመድኪ ዕደ! መጀመርታ ሕልም፣ ተመነየ! ድሓር ከተጥርዮ ኢኻ። ብሸዓኻ ነቲ ርእስኻ ኣይትዕጸዎ። ምስ ማኪና ምውናን ዝተኣሳሰር ነገራት ግበር። ምስ ሰብ መካይን ተጸጋዕ። ማንጃ ፍቓድ ኣውጽእ። ናይ መካይን ሕክያታት ገለ ማእርር። ... ከምቲ ታሪኽናኸ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ማኪና ክውንን እዩ ዝግባእ። ትፈልጥዶ፣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምስ ማካይን ዝተኣሳሰር ተመኩሮን ባህልን፡ ካብ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣትሒዙ ከም ዝጀምር፧ ብ1939፡ ዋላ’ኳ ኩለን ብኤርትራውያን ዝውነና ኣይንበራ፡ ክሳብ 5000 ዝበጽሓ ናይ ገዛ መካይን እኮ’የን ነይረን፡” ብምባል ደሰኩረ።

“‘ኣውቶሞቢልነት፡ ማኪና ምዝዋር ወይ ምውናን ማለት ጥራይ ኣይኮነን። ሓደ ስርዓት ኩይኑ ዝተሓላለኸ ምትእስሳር ናይ ሽዱሽተ ዝበጽሖ ባእታታት እዩ። ንሳቶም ድማ፡ ምፍራይ፡ ሃልኪ ወይ ብኽነት፡ መካኒካዊ ውስብስብ፡ ምንቅስቓስ፡ ባህልን ኣገባብ ተጠቃምነት ያታዊ ጸጋታትን እዮም፡’ ክትብለኒ ይዝከረካዶ፧” በልኩዎ። ምቕምቓም ኣቋሪጹ፡ ካብኡ ተፈንቲተ ኣብ ቅድሚኡ ቆምኩ።

“እወ እዝክር’የ። እሞ ምስዚ ሕጂ ዝበልኩኻ ሓሳብ ብዘይጋራጮ መገዲ ሓዋዊስካ እንዶ ተረድኣየ፧” ቀጸሉ፡ “ኣብቲ ዝሓለፈ እዋን፡ መጻኢ ዕድል ኣውቶሞቢል ማዕረ ክንደይ ኣካታዒ ምዃኑ’ውን ኣብሪህልካ ነይረ። ማኪና ንዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈላለየ ትርጉም ከም ዘሎዋ ከኣ ክትስሕቶ የብልካን፡” በለኒ።

“ብዘይካ እቲ ንማኪና ምስ መስተፋቕር ዝተኣሳሰር ኣዝዩ ፈኩስን ማሪታውን ኣርኣእያ፡ ማኪና ንኣኻ ብልክዕ እንታይ እያ እስከ ግለጸለይ፧ ኣነ ካብ ዘስተውዓልኩልካ ጥራይ፡ ኪንዮ ናይ መጓጓዝያ መሳለጢት፡ ንማኪናኻ ከም ሕልምኻን መንነትካን ገይርካ ትቖጽራ ኩይኑ እዩ ዝስመዓኒ።”

“ኣደይ ደኣ ነታ ቸንቶ ቤንቲ ሰዩ ማኪናና፡ ‘ኦሮኹም ጨፈፍ ኢሉ ዘዋሪያ፡ ርሕስቲ ማኪና’ያ’ ትብለና ነይራ። እታ ማኪና ፈረ ጻዕሪ ኣቦና ምዃና ንኽንርዳእ ቀጸሊ ተዘኻኽረና ነይራ። ሓቃ’ያ። ኣቦይ በቲ ጨፈፍ ኢሉ ዘጠረቐሞ ገንዘብ ገይሩ’ዩ ነታ ቸንቶ ቤንቲ ሰዩ ዓዲጊዋ። ብድሕሪኡ ድማ ‘ዳ ኣውቶ’ስኳላ ከፊትና። ኣደይ ከምዚ ትፈልጦ መስተውዓሊት እንዲያ፡ እዛ ማኪና ምስ ተዓደገት ዘይገደሰልና ዝነበሩ ሰባት ክግደሱልናን ከኽብሩናን ከም ዝጀመሩ እያ እትዛረብ፡ ሓውሲ ጭርቃን ኣምሲላ።”

“ኣታ ኣቑራሪካየን ዲኻኸ፧”

“ከይተሳለመት ደኣ ከመይ’ላ ክትቁርስ፧ ሰለይ እናበለት ቤተክርስትያን ከይዳ ኣላ፡” ብምባል መለሰለይ። ጸቡቕ ነገሩ፡ እቲ ቤተክርስትያን፡ ነዊሑ ተባዚሑ፡ ካብ ገዛና ናይ ከባቢ ሓምሳ ሜትሮ ዝኸውን ርሕቀት ጥራይ እዩ ዘሎ።

ኣይታንቲ ናይ ማኪና ዕላል ክቋርጽ ስለ ዘይደለየ፡ “ናይ ቺቺ ሓፍተይ ከኣ’ባ ክነግረካ...፡ ” ብምባል ቀጸለ። ኣነ ድማ ኩሉ መዳያት ናይቲ ንሱ ምስ ማኪና ዘሎዎ ምትእስሳር ዘደልደለን ዝጸለወን ምንጭታት ከብርሃለይ ከም ዝዓጠቐ ስለ ዝተገንዘብኩ፡ ክኹልፎ ኣይመረጽኩን።

“ቺቺ ደኣ እዛ ኣመሪካ ዘላ ድያ ሓቀይ፧”

“ንሳ’ወ፧ እዛ ቅጭን ሓፍተይ! ብሳላኣ’ኳየ ነዛ ያሪስ ሰርድ ጀነሬሽን ፈይስ ሊፍት ኣጥርየያን ነዚ ስራሕና ተወዳዳሪ ገይረየን።”

“እሞ እንታይ’ያ ትብል ነይራ ኢልካያ፧”

“‘ኣብ ማኪናይ ነጻነት’ዩ ዘስምዓኒ። ማኪና ምቕቓት ኣሎዋ በጃኻ’ ገለ እያ ትብል ነይራ።”

“ብዝዛኹም ናይ ማኪና ሰባት ኢኹም።”

“ናይ ቺቺ ሓፍተይ ሕልፈ ነይሩዎ። ካብቲ ዘስሕቐኒ ነገር፡ ‘ዝኹነ ምስዚ ‘ዳ ኣውቶ’ስኳላና ዝተኣሳሰር ናይ ቢዝነስ ነገር፡ ‘ኣብ ማኪናይ ኩይነ ምስ ዝወዓል ሳዕለየ ኢድ’የ ዝሕዝ’ እያ ትብል ነይራ።”

“ዝገርም’ዩ! በል ንርእስኻ ትኽ ኣብሎ፡ ቅርጺ ብላማ ክንብረሉ’ኻ።”

ኣደኡ ሓንኩስ እናበላ፡ ብምርኩሳ እናተደገፋ፡ ድሮ ተሳሊመን መጽኣ። “ከመይ ሓዲርኩም፧” ኢሎናና ካንሸሎ ምስ ከፈታ፡ “ኣታ ቁልዓ ኣኺሉካ ክትሰራሕ ጥራይ ጸሓይ ክዓርብካ! በስመኣምየ! ነቲ ዝሰርሓካ ዘሎ ብጫይካኸ ዘይትሓልየሉ፡” ዝብል ተግሳጽ ሰው ኣቢለን ናብ ውሽጢ ተደርገማ።

ኣይታንቲ ትቕብል ኣቢሉ፡ መልሰ ንኽስምዐን ተገዲሰት ከየርኣየ፡ “ወዲእና ኢና ‘ደ፡” በለ። ኣነ ድማ ድሕሪ ምምጻእን ተግሳጽን ኣደኡ ብዙሕ ከይጸናሕኩ፡ ምቕምቓም ኣጸፊፈ፡ ነጊፍኩዎ። ቅድሚ ምፍናወይ ግን መቐምቀሚ ንበረተይ እናጠራነፍኩ፡

“ኣየየ በጃኻ
ጉርጉራ ጁባኻ”

ኢለ ወደስኩዎ። ብዘይካ ፍሽኽትኡ፡ ካልእ ዝኾነ ጁባ ናይ ምጉርጓር ምልክት ንኣይታንቲ ምስ ሰኣንኩሉ፡

“ኣታ ብዓል ማኪና
ውረድ ‘ንዶ
ሰልዲ ሃበና”

ብምባል ወደሳይ ቀጸልኩ።

# ሓሳባት

## ንኹሉ ግዜ ኣሎዎ

“ንኹሉ ግዜ ኣሎዎ” ትብል ቃል ኣመና’ያ ትምስጠኒ። ኣብ ህይወትና ዝፍጸም ኩሉ፡ ብግዜ ይፍጸም። ደቂ ሰባት ንነገራት ብቲ እንደልዮ ጥራይ ክኸይድ ስለ እንደሊ፡ ዋላ ንዕብየት ይኹን ከም ድልየትና እንተ ዘይኮኑልና ንቖጣዕ። ንሓርቖን ተስፋ ንቖርጽን። ግናኸ ቀንቀኛዊት ህይወት፡ ብፍጻድና ወይ ድልየትና ስለ ዘይተኸይድ፡ ንግዜና ምፍላጥ የድልየና። ከመይ፡ ንኹሉ ግዜ ኣሎዎ፡ ንሓጉስ፡ ሓዘን፡ ሰላቕ፡ ብኽያት፡ ውግእ፡ ሰላም፡ ዓወት፡ ውድቀት፡ ክሳራን መኽሰብ።

እሞኸ ደኣ ንኹሉ ግዜ ካብ ሃለዎ፡ ግዜና ብሓጎስን ርድኢትን ዶ ወይስ ብምስቅርቋርን ተስፋ ምቑራጽን ኢና ከነቕምታ ዝግባእ፧ ነገራት ከም ዝሓሰብናዮ ምስ ዘይጸንሑ ወይ ምስ ዘይፍጸሙ፡ ግዜና ከም ዘይኣኸለ ምልክት ኩይኑ’ዩ ዝስመዓና። ነዚ ምልክት ተገንዚብና ከኣ ብኽመይ ኣብ መዓላ ከም እነውዕሎ ክንፈልጥ ጸቡቕ’ዩ። እዚ ከኣ ካብ ኣደዳ ሕማቕ ስምዒት፡ ዝበለጸ ስራሕ ንምስራሕ ክሕግዘና እዩ።

ሓደ ሓደ ግዜ ነገራት ምስ ዘይሰልጠና፡ ካብቲ ዝሰራሕናዮ ንላዕሊ ብቐፅ ስራሕ ኢና ነፍራ። ምኽንያቱ፡ ካብ ሕሉፍ ስራሕ መኣረምታ ገይርና ነቕርዮ ክሳብ ዝኾኑን ክሳራን ኣየሕመናን። ስለዚ፡ ንነገራት ብዝደለናዮ ኣንፈት ምስ ዘይከይዱ፡ ብኻልእ መገዲ ክንርእዮ ወይ ክንሰርሕ ንፈትን። ንሰርሓሉ እሞ ግዜና ምስ በጽሐ፡ ብዝበለጸ ቀሪቡ ክንርእዮ ኢና።

ነቲ ህይወት ትቕርበልና ብሓደ ዓይኒ ኣይንርኣዮ። ክልተ ዓይኒ ካብ ሓደ ዓይኒ ስለ ዝበልጽ’ዩ ክልተ ዓይኒ ዝተዋህበና። ነቲ ዝኸሰርናዮ ዕድል ንጠቕመሉ፣ ምናልባት ካልእ ግዜ ከምዚ ዓይነት ዕድል ዘይንረኽብ ስለ እንኽእል። ስለዚ ኣብ ክንዲ ብሕማቕ ሓሳብና መንፈስና ክንክስበሉን ሓድሽ ነገር ክንሰርሓሉ ንፈትን። ከሲብና ክንወጽእ ንብስና ክንርእያ ኢና።

ክሳዕ ግዜና ዝበጽሕ፡ ግዜና ጽቡቕ ስራሕ ኣብ ምፍራይ ደኣ ነድህበሉ። ህይወት ናታ መገዲ ስለ ዘሎዋ፡ ነገራት ብዝመጽኦ ይምጽኣ ንዋቕምና ከነውዕሎ ንትጋህ። ከመይሲ ኣብ ግዜ ሽግሩ ተፈቲኑ ከም ወርቂ ተኹሊዑን ጸርዩን ዝወጽእ ሰብ’ዩ እቲ ሓያል ዝበሃል። እዚ ከኣ ህይወት



ክትጽንክረና እንክላ ኢድና ምስ ዘይህብ፡ ኣደዳ ሕርቃን ኴንና፡ ብስምዒት ተናዲድና ልብና ምስ ዘይንድሚ እዩ ዝርከብ። ንምንታይ፡ ንኹሉ ግዜ ስለ ዘሎዎ፡ ነቲ ጽቡቕ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ንጽረበሉ፡ ንሰርሓሉ፡ ንበልሓሉ እዋናት ከኣ እባ ንቕበሎ! ንእኡ’ውን ግዜ ተመዲቡሉ ስለ ዝሃቦና።

ሓበን ኪሮስ
ቢ/ጽ/ህግደፍ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ - ባጽዕ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ርግበ ወልደኪዳን ወልደጻድቕ፣ ብዓል ቤተይ ርእሶም ተስፋእንድርያስ ተድላ ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ሄለን ኢሳቕ፣ ብፍ/በ/መሰል ነ/ሄር ግደይ ተስፋይ፣ ኣቶ ተኸስተ ቢተው ማኣል፣ ንጉዳይ ፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፣ መልሲ ሒዝኪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጥ።

ወ/ሮ ሓዳስ ዓንደብርሃን ገብረየሱስ፣ ብዓል ቤተይ ነፍ/ሄር ፍስሃየ ወልዱ ዝዘኪ ለዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኢሳቕ ሃገር ተስፋሚካኤል፣ ኣዴና ሂወት ኪዳ ተኽለሃይማኖት ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ንግስቲ ገብረትንሳኤ ተሰማ፣ ብዓል ቤተይ ተወልደ ገብረኪዳን ገብረ ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቓን 1ተተካእን ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣርያም ኢያኑብ ገብረትንሳኤ፣ ኣቦና ኢያኑብ ገብረትንሳኤ በየነ ስለዝዓረፈ፣ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ቸቶርር ኣምለሶም፣ ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲት ወ/ሮ የርዳኖስ ኣምለሶም ናይ ገዛዘብ ክርክር ስለዘቕረበት፣ ተኸሳሲት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጥ።

ወ/ሮ ወዘት ወልደሚካኤል ገብረመድህን፣ ብዓል ቤተይ ሚጀር እንዳለው የዕበዮ ባህልቢ ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ናዝሬት ጺጋይ ሃብቱ፣ ብዓል ቤተይ ምስጉና ወልደየሃንስ ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናትናኤል ተስፋዝጊ ግደ፣ ኣቦይ ተስፋዝጊ ግደ ገብርኣብ ስለዝዓረፈ፣ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዑቕባ ተወልደብርሃን ጋይም፣ ሓትነይ ነፍ/ሄር ደሃብ ፍስሃየ ደስም ዝገደፈትለይ ለዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣክረም መሓመድናስር ኑርሓሰን ምባል ተሪፉ፣ ኣክረም መሓመድናስር ኑርሑሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ የውሃንስ ተስፋእንድርያስ ዑቕባጼዮን፣ ኣቦይ ተስፋእንድርያስ ዑቕባጼዮንን ኣዴና ግደይ ተኽለ ወልደሚካኤልን ስለዝዓረፉ፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ሰናይት ገብረሚካኤል ኣብርሃ፣ ብፍ/በ/መሰል ኢያኑብ ኤልያስ ሃይሉ፣ ናይ ምስግጋር መኪና ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቕረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጥ።

ወራ/ነፍ ጺጋ ደስታ ንጉሰ 2.ሰምሃር ሮኽረጺዮን በየነ፣ ዓቦይ ካሕሳ በራኺ ወልደሰላሰ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ንወላዲትና ነፍ/ጺጋ ደስታ ንጉሰ ተኪእና ምስ 6 ተተካእቲ ደቂ ኣኮይ ነፍ/ሄር ኣብርሃም ደስታን 2 መውትቲ ሓትኳታተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዛይድ ገብረሚካኤል ምስጉና፣ ወለደይ ገብረሚካኤል ምስጉና ዑቕቢትን ተኽኣ ሞሳ ኢለሳን ስለዝዓረፉ፣ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ከርድስ በራኺ መኮንን፣ ብፍ/በ/ዕዳ 1.እያኑብ ተስፋይ መኮንን 2.ዳዊት ብርሃነ መኮንን፣ ንፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጡ።

ወ/ሮ ኤልሳዘሙይ ዘውዱ፣ ብዓል ቤተይ ስዉእ ኣልኣሚን መሓመድሰዒድ ኣልኣሚን ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ይቕረብ።

ሉልያ የናስ ኣሰኩሉ ምባል ተሪፉ፣ ሉልያ የናስ ሚከኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣጥናፍሰገድ ኣብርሃ መብራህቱ፣ ሓፍተይ ልያ ኣብርሃ መብራህቱ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 1ሓፍተይን 5 ተተካእቲ መዋቲ ሓውናን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ክፍሊት በርሀ ጊለ ምባል ተሪፉ፣ ክፍሊት ገብሩ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት መሰረት በዙበህ ይግዛው፣ ተኸሳሲ ኣቶ ጄልዮኖ ቮሊካ፣ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ተኸሪቱልካ ስለዘሎ፣ ን4/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቕረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጥ።

ምብራቕ መብራህቱ ኣባይ፣ ኣደይ ትምኒት ወልዱ ዳምር ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ምብራቕ መብራህቱ ኣባይ፣ ኣቦይ መብራህቱ ኣባይ ወልዱ ስለዝዓረፈ፣ ኣነ ምስ 5 ደቁ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣበባ በርሀ ምስጉና፣ ብዓል ቤተይ ኢንጅ. ኣማኑኤል ኣብርሃ ገብረኪዳን ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሕርይቲ ማርያም ፍስሓጼን ምባል ተሪፉ፣ ሕርይቲ ፍስሃጽዮን መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዛይድ ተወልደ በራኺ፣ ብዓል ቤተይ ዘርኣይ ኣሰፍሃ ገብረገየርጊስ ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 10 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጺጋ ገብረእግዚኣብሄር ተስፋጋብር፣ ብዓል ቤተይ መምህርተኣብ ተስፋሚካኤል ዓንደሚካኤል ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 12 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሄርሜላ መብራህቱ የሃንስ ምባል ተሪፉ፣ ሄርሜላ መብራህቱም የሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

የርዳኖስ መድሃን ሰረቐ ምባል ተሪፉ፣ የርዳኖስ መድሕን ሰረቐ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸገሮማን ፍቕረ ቀለታ ምባል ተሪፉ፣ ዶሰካል ፍቕረ ቀለታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ሉተብርሃን ተኽለሃይማኖት እንግዳ፣ ሓፍተይ ገብርኤል ተኽለሃይማኖት እንግዳ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ወረሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሕረት ሃብተ ሃይሉ፣ ብዓል ቤተይ ወልደማርያም ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 1ጓልና ድማ ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ንግስቲ ኪዳማርያም ተስፋሚካኤል፣ ካብ ሓፍተይ ወ/ሮ ኣብርሀት ኪዳማርያም ተስፋሚካኤል ብዕለት 5/3/25 ዓ.ም ብቑ.መ 13/26 ኣብ ረጅስትራል ቤ/ፍ ዞባ ደ/ድባርዋ ቀሪባ ብህያብ ዝሃበትኒ ገዛ ኣብ ን/ዞ/ድ/ምም ከባቢ ዞባ 02 ገዛ ሳሞዛ ዝፈጸመቶ ውህብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰምሃር ገብረብርሃን ሓድጉ፣ ብዓል ቤተይ ሓድሽ ወልደእስራኤል ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሉተብርሃን ሃብቱ እምባዬ፣ ብዓል ቤተይ ገብረዝጊኣብሄር ተኽለ ተስፉ ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሪታ ማርያ ብኛኖ ምባል ተሪፉ፣ ሪታ ማርያ በኛሚ ደልም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ተስፋኣለም ተኽለ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፣ ተስፎም ተኽለ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ሓበሬታ ካብ ሚ/ሪ ዜና

ሚ/ሪ ዜና ብጋዜጣ፣ ቲቪ፣ ሬድዮ፣ ኩሉ ምልክታን ምውዕዋዕን ኣገልግሎት ዝሀበሉ ቦታ ኣብ ፎርቶ ዘይኮነ ኣብ ማእከል ከተማ ቤ/ጽ ማርኬቲንግ ጥቓ ባንክ ኤርትራ ፊት ቤ/ጽ ኣገልግሎት ፖስታ ምኻኑ ንሕብር። ብዘወሳኺ ኩሉኹም ወሃብቲ ተለቪዥን፣ ዓመታዊ ግብሪ ተለቪዥን ኣብ ማ/ቤ/ጽ ማርኬቲንግ ከምኡ'ውን ኣብ 13 ንኡሳን ዞባታት ኣስመራ፣ ከረን፣ መንደፈራ፣ ባረንቱ፣ ተሰነይ፣ ደቀምሓረ፣ ዓዲ ተከሌዛን፣ ሓጋዝ ቀሪብኩም ክትከፍሉ ነተሓሳስብ።

ሚ/ሪ ዜና

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሮማ ሃይለ ጎኑጩ፡ ብዓል ቤተይ ዘርኡ ሃይለ እምኑቱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

እዮብ ገብረገርግሽ ስጋሉት፡ ኣቦይ ገብረገርግሽ ስጋሉትን ኣደይ ለተብርሃን ወልደስላሴን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ደባስ ወልደስላሴ ሰረቑ፡ ስም ኣደይ ርግበ ዘራጽዮን ሞሲት ምባል ተሪፉ፡ ርግበ ዘራጽዮን ተፋሰጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ተኽለ ገብረንጉስ ኪዳ፡ ሓፍተይ ኣኽበረት ገብረንጉስ ኪዳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሄኖክ ግርማይ ዑቕባልደት፡ ኣቦይ ግርማይ ዑቕባልደት ትርፉን ኣደይ ህድኣት ኣማኒኤል ተኽሉን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳቤጥ ኣብርሃ ደሞዙ ብዓል ቤተይ በየነ ገብረኣብ ተኽለሃይማኖት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኮሰት ለድያ ብርሃ፡ ተኸሳሲ መቑት ኣሰፍሃ ጺጋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት -ርዲ ዓዲ ኳላ

ገብረስላሴ ገብረኪዳን ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኢያሱብ ገብረኪዳን ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣንገሶም ካሕሱ የውሃንስ፡ ኣቦይ ካሕሱ የውሃንስ ይፍጠር ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይርጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ተስፋስላሴ ኣብርሃለ ወልደናፋኤል ምባል ተሪፉ፡ ተስፎኦም ኣብርሃለ ወልደናፋኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ተኽለሃይማኖት ኣበዮም ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ተኽለ ኣበዮም ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

መሓረዝጊ ሰልጠነ ሃንስ ምባል ተሪፉ፡ መሓሪ ሰልጠነ ሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሰልጠነ ባሀረ ወልደስላሴ፡ ኣደይ ግደይ ሃንስ ገብረመስቀል ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት 6 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ንግስቲ ተስፋሚካኤል ረዳ፡ ኣቦይ ተስፋሚካኤል ረዳ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ኣብበ ዞሚካኤል ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኣብበ ወልደገብርኤል ኣሰፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣመልካቲ ኣቶ እድሪስ መሓመድዓሊ ማሕሙድ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ መዲና መሓመድ ዓሊ ማሕሙድ፡ ንዓኽን ዝምልከት ንምስራዝ ውክልና ማእከል ዝዑበረ ሲቪላዊ ክሲ ቀሪቡልኩን ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጣ።

ዑመር መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ዑመር መሓመድኢብራሂም ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሱዛና ርእሶም ገብረመስቀል ምባል ተሪፉ፡ ሱዛና ዑስማን ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ከልቱማ ሳልሕ በርህ ምባል ተሪፉ፡ ከልቱማ ሳልሕ ከሊፋ በርህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሊ እድሪስ መ/ድኖር፡ ስም ኣደይ ፋጥና ዑስማን ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ኣምና መሓመድ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ኣደም ኢብራሂም መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ኣደም ኢብራሂም ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓማራ መሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ዓመራ መሓመድዓሊ ዑመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድዓሊ እድሪስ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድዓሊ እድሪስየ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢብራሂም መሓመድ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ኢብራሂም መሓመድእድሪስ ኣደም ገደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሙሳ ሓጀጅ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሙሳ ሓጀጅ ማሕሙድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ግደይ ሓድሽ ወርቂ፡ ብዓል ቤተይ ኢብራሂም መሓመድ ዑስማን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሰም ካልድ ያቆብ ምባል ተሪፉ፡ ሰም መርታዳ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋሃንስ ረዳእ ምባል ተሪፉ፡ ተስፋየሃንስ ረዳእ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ይብራህ ግዛጸዊ ኣላዩ፡ ብዓል ቤተይ ጠዐመ ካሕሱ ጺጋይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሰጋና ኀዘይ ንገሰ ምባል ተሪፉ፡ ምሰጋና በረኸት የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑቕባማርያም ኣሊክሳንደር ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ዑቕባማርያም ከብባይ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮሰት ሰምሃር ገብረመስቀል ገብርየሱ፡ ተኸሳሲ መሴ ኣሚኒ ምኖና፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ዓሊ መሓመድ ከሊፋ ምባል ተሪፉ፡ ዓሊ ከሊፋ ጻድዋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ትርሓስ ዘርኣጽዮን፡ ብዓል ቤተይ ጠዓመ ኣፈወርቂ ገብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንኣምን ፍስሓጼን ገብረት ምባል ተሪፉ፡ ኣሚን ፍስሓጼን ገብረት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣሕመድ ዓሊ ሙሳ ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ መሓመድ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓምድ ዓሊ እብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ሓመዱ ዓሊ እብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ሓዳስ ወልዳይ ገብረ +5 ዝተበሃልና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ዞባ 5 ምም 04 ን/ዞባ ጸጸራት ምም/ከባቢ ቤት መኽኢ ብስም ወለድና ነ/ር ወልዳይ ገብረ ባይሩን ነ/ራት ገርግሽ ኣረፈ ትካእን ብምስክር ወረቐት 111020 ብመወከሲ ቁጽሪ 134655 ዝተመዝገበ ስፍሓቱ 245.65 ት/ሜ 5 ቀንዲ ክፍልታት 1ሓገዚት ክፍሊ፣ ብውርሲ ናብ ስም ወረስቲ ክትመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዘፈቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕለክ ኖታዮ ዞባ ማእከል የቕርብ።

ሓዳስ ወልዳይ ገብረ +5

---

ብስም መዚት ሚካኤል መንግስትኣብ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00037836 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ጎደና 835-3 ቁ.ገዛ 31 ዝርከብ ናይ ግሮሰርን እንዳ ስጋን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሳራ ሰመረ ባይሩ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ-ነፍሒ ኣብርዳእ ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 04/04/2025 ክሳብ ዕለት 03/04/2033 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይብሉ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፈልጥ።

መዚት ሚካኤል መንግስትኣብ

# ርእይቶይ ኣብ መጽሓፍ “መምህር ኣስረስ ተሰማ”

ዶክተር ቴድሮስ ስዩም (ወዲ ካርቱም)

“መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ታሪኽ ህይወቶምን ሱታፍነቶምን ገዕዛኦምን (1934–2015)” ዝብል ኣርእስቲ መጽሓፍ፡ ደራሲ ናይዛ መጽሓፍ ዘመንፈስ ሃይሉ፡ ንታሪኽ ህይወትን ሱታፍነቲ ገዕዘን መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ብቐደም ተኸተል ከዘንትዎ ምሕላኑ እዩ ዝሕብር። በዚ ድማ ብዙሓት ትሕዝቶን ኣወዳድባን መጽሓፍ፡ ብዙሓት ዝተጠቐመሉ ቅዲ ኣጸሓሕፋን ንኣንበብቲ ኣፋፍኖት ይህቡ ኣሎ ማለት እዩ። እቲ ‘መምህር’ ዝብል መለለዪ’ውን ከምቲ ደራሲ ኣብ መእተዊ መጽሓፍ ኣስሚሩሉ ዘሎ፡ ንሞያ መምህር ኣስረስ ተሰማ ንምግላጽ ጥራይ ኣይመስለን። ክሽፍኑ ዝኽእሉ መልእኽቲ ከምዝለዎ’ዩ ኣብ ትሕዝቶ ናይ’ቲ መጽሓፍ ዝኾሎ።

መምህር ኣስረስ፡ ኣብ 1934 ተወሊዶም፡ ኣብ 2015 እዮም ዓሪፎም። ንሶም፡ ከም መምህር፡ ጋዜጠኛ፡ ተመራማሪ ታሪኽ፡ ሰናዲ ክኢላ ስነ-ቋንቋ፡ መዝገበ-ቃላት፡ ደራሲ፡ ገጣሚ፡ ጸሓፊ ሕላይ፡ ዜማ.. ኮይኖም ስለ ዝሰርሑ፡ ከምቲ ደራስን ተመራማሪ ባህልን ኢዩና ሱታፍነቶም ስለሞን ጸጋ “መምህር ኣስረስ ተሰሞ.. ብጻዕሪ ዲሲፕሊኑ ዓቕሉን ትሕትናን ዝለለዩ ሞዴል ሓደ ዕወት ኤርትራዊ ዜጋ” እዩም ክብል ዝገለጾም እዮም።

ኣብ ናይ ቀዳማይ ገጽ ናይቲ መጽሓፍ፡ ስእሊ ሓደ ግርማ ሞገስ ዘለዎ ኤርትራዊ መልክዕ ይርአ። መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ኣብ ልዕሊ’ታ ብክራቫታ ዝተሰለየት ግርምቲ ካምቻ፡ ጃኬት/ሰደርያ ወድዮም ንመንእሰይ ብመመልከቲቶን ዓይኖምን ደገፎም፡ ብኣእምሮ ብዙሓት ሓደ ነገር እናሰላሰሉ ይርአዩ። ኣለዉሰኦም፡ ንናይቲ እዋን ኣብነታውያን (role models) መምህራን ዝውክል ይመስል። ኣጠማምታኦምን ዕቱቡነቶምን ምናልባት ብዙሓት ኣቓዲሞም ዝጸሓፎም ወይ ክጽሕፍዎ ዝወጠኑዎ ፍረ-ነገር ዘሰላስሉ ዘለዉ ይመስል።

ብዙሓት ዝውቱራት ወይ ልሙዳት ቅዲ ኣጸሓሕፋ ታሪኽ ህይወት’ዮም ዘለዉ። ዋላ’ኳ ደራሲ፡ “ዝተጠቐምኩሉ ቅዲ ኣጸሓሕፋን ቅርጺ ኣቃውማ ዛንታን ብቐደም ተኸተል (chronological order) ማለት፡ ካብ ውልደት ክሳብ ዕረፍቲ ህይወት መምህር ኣስረስ ተሰማ እዩ ዝኸደ” እንተበለ፡ ደራሲ ዝተጠቐመሉ ቅዲ ኣጸሓሕፋ፡ ዝተፈላለዩ ተመሳሳሊ ሜላታት ቅዲ ኣጸሓሕፋ ዝሓቑፍ ኮይኑ ኢና እንረኽቦ።

እቶም ኣብዚ መጽሓፍ ዝርኣዩ ገሊኦም ቅዲ ኣጸሓሕፋ ታሪኽ ህይወት፡ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

### ሀ) ቀዳም ተኸተላዊ ታሪኽ ህይወት

እዚ ቅዲ ኣጸሓሕፋ’ዚ (Chronological Biography) ንታሪኽ ህይወት ውልቀሰብ፡ ማለት ንግዜ ቍልዕነት፡ ትምህርቲ፡ ስራሕ/ሞያ፡ ዓወታት፡ ሓደጋታት .. ካብ ውልደት ክሳብ ዕረፍቲ ህይወት፡ ብቐደም ተኸተል ብምስራዕ ብምግላጽን ምትንታንን ዝገልጽ እዩ። ኣብዚ መጽሓፍ፡ እዮም፡ “ወዲ ቱቦ ናብ ቱቦ፡ 1954–1956፤ ደርብ ካሕሳ ኣብ መሰልጠኒ መምህራን ኣስመራ፡ 1956–1958፤ ሳንጆርጆ፡ 1958–1960፤ ሕጻን ጋማን 1958–1960፤ ግዝኣት ኣሎዎ 1995–2001፣ ..” ዝብሉ ከኣ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ።

### ለ) ምስ ቴማታት ዝዛመድ ታሪኽ ህይወት

ቴማዊ ቅዲ ኣጸሓሕፋ (Thematic Biography) ንታሪኽ ህይወት ውልቀሰብ፡ ብመንጽር ፍሉያት ቴማታት ወይቡ ዘቕርብ ኣጸሓሕፋ እዩ። እዮም ዝ.ዚ መጽሓፍ ነዲቖሞ ዘለዉ 40 ዓበይቲ ኣርእስትታት ከኣ ንኣብነት፡ “ግዜ ቍልዕነት”፡ “ናይ ምምህርና ዓመታት”፡ “ሕጻን ጋማን”፡ “መምህር ኣስረስ ኣብ ማሕበር ትያትር ኣስመራ”፡ “ሓድሽ ህይወት ኣብ ኣዲስ ኣበባ”፤ “ዘይገድፍ ባህሊ ምጽዋት መዚቃ”፡ “ሓርበኛ ቋንቋ ትግርኛ”፡ “ናጽነትን ፍረኣን”፡ “ድሓን ኩኒ ኢትዮጵያ” .. ንቴማዊ ቅዲ ኣጸሓሕፋ ዘንጸባርቑ እዮም።

### ሐ) ምርምራዊ ታሪኽ ህይወት

እዚ መጽሓፍ ፍሉይ ትዕድልትን ተወህቦን ከም’ኡ’ውን ልሉይ ተራ መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ብምርምራዊ መልክዕ ስለ ዝድህሰሰ፡ ዉጺታታት ምርምራዊ ታሪኽ ህይወት (Intellectual Biography) እውን ኣሎዎ። ደራሲ፡ በቲ ዝተጠቐመሉ ንምርምራዊ ታሪኽ ህይወት ዘንጸባርቕ ቅዲ ኣጸሓሕፋን ጻዕርን ኣብሉ፡ መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ኣብ ባህላዊ ትንሳኤ ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ጽልዋታት፡ ኣብ ምምንጫው ሓሳባት፡ ኣብ ትምህርታዊ ፍልስፍና፡ ኣብ ኣገዳስነት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ፡ ኣብ ስነ-ጽሑፍ .. ዝኣመሰሉ ጉዳያት ዝበርክትዎ ዓቢ ግደን ኣበርክቶን ብምርምርን መጻናዕትን ከመሓየሽን ከዕምቕን ክኢሉ እዩ።

### መ) ጸላዊ ታሪኽ ህይወት

ታሪኽ ህይወት መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ተወፋይነት/ተበፃዕነት ኣብ ሞያኦም፡ ኣብ እትኣምንሉ መትከል ምጽናዕን ከይተሓለልካ ምስራሕን ተስፋ ዘይምቑራጽ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወትካ ብዲሲፕሊን ምቅያድ፡ ፍቕሪ ሃገር ከም ሃይማኖትካ ምርኣይ፡ ንመንእሰይ ወለዶ ከተገልግል ምብቃዕ ዝኣመሰሉ ባህርያት ዝውንን ሰብ ንኹሉ ጥራይ ከም ዘይኮነ፡ ንወሉድ ወለዶ ከኣ ኣብ ኮረ ታሪኽ ጉዳይ ከም ዝሓልፍን እዩ ዝምህረናን ዝጸልወናን። ጸላዊ ታሪኽ (Inspirational Biography) ህይወት ኣብ ሕብረተሰብ ምዕቃብን ክብርታት ሕብረተሰብ፡ ኣብ ምኽሳስ ሱ-ምግባራዊ ባህርያት፡ ብውልቀሰባት ኣብ ዝኸፈሉ መስዋእትታት፡ ኣብ ትርጉምን ኣገዳስነትን ነቲ እትነብረሉ ሕብረተሰብ ምግልጋል .. ፍሉይ ኣተኩሮ ስለዝህብ፡ ንኣንበብቲ ብቐሊሉ እዩ ዝምስጦ። ብዙሓት ሃጸይቲ ክብርታት ብኣጃሚ መንገዲ’ዩ ዝማርኹ። ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ እቲ ታሪኽ ህይወት ዘዘንተወሉ ዘሎ ውልቀሰብ ብኣርኣያ ዝጥመት ዜጋ ምዃኑ’ዩ ከቕርብ ዝሕልን።

ብዝበዝሒ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ማለት ብተመሳሳሊ ሜላታት ቅዲ ኣጸሓሕፋ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ፡ ብፍላይ ንኣንበብቲ ብዙሕ ብልጫታት እዩ ዘለዎ። በዚ መንጽር ብዙሓት ብልጫታት ናይዚ መጽሓፍ ምስ እንጠቕስ፡ ኣንበብቲ እቲ ንህይወት መምህር ኣስረስ ተሰማ ዝቐረጸን ጽልዋ ዝነበሮን ታሪኻዊ ኩነታት ብቐሊሉ ንክርድኡ ይሕግዞም። እንታይ ድሕሪ ባይታ ኣለካ ብዝብል ኣገዳሲ ሕቶ እዚ መጽሓፍ፡ መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ኣብ ትምህርትን ስነ-ጽሑፍን ዝገበሩዎ ጻዕርን ዝሓለፍዎ ዓወታትን ከተሰተማቕሮ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም እተድንቖ’ውን ይገብረካ። እዚ መጽሓፍ፡ ኣቦና መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ኣብ ምዕቃብ ኤርትራዊ ባህልን መንነትን ዝበርክቶ ኣበርክቶን ጽልዋን ክትምገሶ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሸሻ’ውን ከምኡ ዝኣመሰለ ወኒ ንኽህልወካ ከም እትሕልን ይገብረካ። ኣቦና መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ስነ-ምግባር፡ ቋንቋ፡ ንሕብረተሰብ ምግልጋል .. ዝበርክትዎ ተበፃዕነት’ውን ንኣንባቢ ደርኺትን ጽልዋን ይፈጥር።

ብሓጺሩ፡ ብተመሳሳሊ ሜላታት ቅዲ ኣጸሓሕፋ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ፡ ክሳዕ ምዝንታው ፍጻመታት ህይወት ሓደ ሰብ እዩ ዝኸይድ። ውልቀሰባት፡ ከመይ ጌይሮም ንሕብረተሰብ ከም ዝጸልዉ፡ ሕብረተሰባት ድማ ከመይ ጌይሮም ንውልቀሰባት ከም ዝጸልዉ ንምግላጽ ከኣ የኽእሉ። መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ኣቦና መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ቀዳም ተኸተላዊ ታሪኽ ህይወት ስለ ዘቕረበልና ጥራይ ኣይኮነን ‘መጽሓፍ’ እንብሎ ዘሎና። እንታይ ደኣ፡ ኣገዳስነት ታሪኽ ህይወቶም፡ ከም መም፡ ከም ደራሲ፡ ከም ጸሓፍ-ተዋስኦ፡ ከም ጸሓፊ ሕላይ፡ ከም’ኡ’ውን ኣብ ባህልን መንነትን ዝበርክቶ ራእይ፡ ብጥበባዊ መገድን ብተመሳሳሊ ሜላታት ቅዲ ኣጸሓሕፋን ግልጽልጽ ኣቢሉ ስለ ዘቕረበልና እዩ።

### መወከሲታት

ሓደ ካብቲ ብዝዕባዚ መጽሓፍ ዘደንቐኩዎ ነገር እንተልዩ፡ ብዙሕን ብሉጻትን ከም’ኡ’ውን ዓይነት ምንጭታት (diversity) ናይቶም ደራሲ ዝተጠቐመሎም መወከሲታት እዩ። ደራሲ ዝ.ዚ ዝተጠቐሰ ሓበሬታታት ንሕድሕዱ ንምምሻኻር፡ ልክዕነት ሓበሬታታት ንምርግጋጽ፡ ከም’ኡ’ውን ዝቕለ ሓሳባት ንምዕማቕ (ናብ saturation point ንምብጻሕ) ኣድላዪ ዘበለ ጻዕርታት ከም ዝገበረ ባዕሉ እቲ መጽሓፍ ይሃርብ እዩ። እዚ ዘርእየና ነገር እንተሃልዩ፡ ደራሲ ዝ.ዚ መጽሓፍ ንምጽሓፍ ዘርኣዮ ተወፋይነትን ዓቕልን፡ ዝበጀዎ ግዜን ገንዘብን፡ ዘህለኾ ኣእምሮኣዊ ጻዕርን ጉልበትን ብኣብነት ክጥቀስ ዝግብኦ ባህርያት ሓደ ብሉጽ፡ ዘይሕለልን ሃብሮምን ደራሲ እዩ።

ካብቶም ቃለ-መጠይቕ ዝተገብረሎም 72 ወሃብቲ ሓበሬታ.. 16 ዜጋታት ሕጂ ብሂወት የለዉን። ሸሞንተ ድማ ኣብ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ስለ ዘለዉ ደጊምካ እውን ከተዋግኦም ኣይትኽእልን ኢኻ። እዚ ንደረስትን ተመራመርትን ዝሕልፎ መልእኽቲ ኣሎዎ። ደራሲ ናይዛ መጽሓፍ ዘመንፈስ ሃይለ ዝ.ዚ ብዝምልከት ኣብ መጽሓፉ ከምዚ ይብል፦

“ገለ ካብቶም ዝ.ዚ መጽሓፍ ዝኾነዚ ሓበሬታ ኣብ ምእካብ ኣብ ዝበርኹሉ ግዜ ዝረኸብኩዎም ሰብ ጸጋ ዕድመ፡ እዚ መጽሓፍ ተሓቲሙ ኣብ ዝወጸሉ ዘሎ ብህይወት የለዉን። ይንኣስ ይዕበ ግን ብሶሎ’ቲ ኣብዚ መጽሓፍ ኣትዩ ዘሎ ሓበሬታኦም፡ ተጠቂሶቲ ወይ ተዘኪሮቲ ክኾኑ ምኽኣሎም ጥራይ ንኣገዳስነት ስዉዳ ዕዙዝ ይገብሮ። ብኡ መንጽር ግን እቲ ከምቲ ዝጕባእ ክሽሰበሉ ዘይከኣልና ምስኣየም ሐዘምዎ ዝሓለፉ ታሪኽ ይዝከረኒ’ሞ፡ ከምቲ ‘ዝዖምኽ ሓዘ፡ ዘይዓምኽ ሓዘ’ ተባሂሉ ዝተመሰለሉ ይኸውነ’።”

### ሓድግታት መምህር ኣስረስ ተሰማ

ከምቲ ዘመንፈስ ሃይለ ኣብ’ዚ መጽሓፍ ኣስሚሩሉ ዘሎ፡ “ወዲ-ሰብ ኣብዛ ምድሪ ተፈጢሩ፡ ዕድመኡ ጸብጺቡ ምስ ሓለፈ፡ ክሳብ’ቲ ብወንን ብቐዓት ኣካላትን ዝነበረሉ ግዜ፡ ‘እንታይ’ዩ ኣበርኪቱ’ ተባሂሉ’ዩ ዝዝረበሉ። ምኽንያቱ፡ ትርጉም ምንባር ድሕሪ ህይወት ብዝተርፍ ሓድጊ እዩ ዝዕመም” ደራሲ ብዙሓት ሓድግታት መምህር ኣስረስ ተሰማ ብዙሕ ጸሓፉ ኣሎ። ኣነ’ውን ብዝዕባዚ ብዙሕ ክዛረብ ምኽኣልኩ። ኣብ ክንዲ ብዙሕ ምዝራብ ግን ተማሃሮ መምህር ኣስረስ ተሰማ እንመን ነበሩ፤ ንዝብል ሕቶ ምምላስ ይሓይሽ። ኣብ ገጽ 68ን 69ን ናይ’ዛ መጽሓፍ ተጠቒሶም ካብ ዘለዉ፡ ስዉእ ሃይለ ወልደሚካኤል (ሃይለ ኣርቲስት)፡ ስዉእ ጻዕዱ ባህታ፡ ስዉእ መጀር ጀነራል ሃይለ ሳሙኤል፡ ስዉእ ኣምባሳደር ዓንደሚካኤል ካሕሳይ፡ ሚኒስተር ካሕሳይ ገብረህይወት፡ ሚኒስተር ተስፋይ ገብረስላሴ፡ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃሌይ ክፍሉ፡ ብርጋዴር ጀነራል ግርማይ መሓሪ፡ ገዲም ተጋዳላይ፡ ደራስን ዶክተርን ተኸስተ ፍቓዱ፡ ገዲም ደምጻውን መዚቐኛን ኢንጅነር ኣስገዶም ወልደሚካኤል፡ ሚኒስተር ፋይናንስ ኤርትራ ነበር የሴፍ ገብረስላሴ፡ ጸገወይኒ ኣብርሃ፡ ኣልጋሽ ኣርኣያ፡ ኣሰፋሽ ጸጋዬ፡ ዘፋን ገብረሚካኤል፡ ኣጦ ዘርኣይ፡ ኣብርሀት ስዩም፡ ዶክተር ዑቕባስላሴ ገብረኣምላኽ፡ በረኸ ማስፍን (ተጻዋታይ ኩዕሶ ጋንታ ሰራየ ነበር)፡ ዶክተር ምሕረትኣብ ገብረህይወት፡ ፕሮፌሰር ዶክተር ሃይለ ጌታቸው፡ ኣቶ ኢሳቕ ጴጋይ፡ ወዘተ .. ይርከብዎም።

### 1. ሓያል ጎድንታት/ ሸነኻት ደራሲ

እዚ መጽሓፍ፡ መንታዊ ቅርጺ ኣወዳድባ ትሕዝቶ ኣሎዎ። ስነ-ጽሑፋዊ ብቕዓት ብምምሳር፡ ደራሲ ንጹርን ብቐሊሉ ንምርድኡ ዝኸእልን ቋንቋ ተጠቒሙ ኣሎ። ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ደራሲ ንሓቅታትን ፍጻመታትን ብኣማኒን ብቐንዕናን’ውን ከንጸባርቖም ክኢሉ እዩ። እዮም ናብ ኣንበብቲ ክሰርጾም ዝሕልን ዘሎ መረዳእታታትን መደምደምታታትን ኣብ ዘተኣማምኑ መርትዖታት ዝተመርኮሱ እዮም። እቲ ኣብ’ዚ መጽሓፍ ዘሎ ትረኻን ዝንተዋ ነቲ ኣብ ግዜ ብዓል መምህር ኣስረስ ተሰማ ዝነበረ ታሪኻውን ባህላውን ኩነት ብዘየዕግእ ዘንጸባርቕ እዩ። ኣብ’ዚ መጽሓፍ ዘመንፈስ ሃይለ ዋላ’ኳ ንመምህር ኣስረስ ተሰማ ምሓር የድንቖምን ይምገሶምን እንተሎ፡ እቲ ናእዳን ሞገስን ብዘይተዛበዐ ትንተናታት ዝተሰነየ እዩ። ዚያዳ ኩሉ ከኣ ዘመንፈስ ብዙሓት ‘እንታይ ነበረ’ ጥራይ ኣይኮነን ዘዘንትወልና ዘሎ፡ እንተላይ ብዙሓት ‘ስለምንታይ ከምኡ ነበረ’ እዩ ዝትርኽልና ዘሎ።

- መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ንኣሽሓት ሓንጎል ኤርትራውያን ዘብርሁ መብራህቲ ምንባሮም፡
- መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ቤታ ዘይትጸንቅቕ ብርዖም ኣብሎም ዋሕስን ዓቃብን ቋንቋን ዝኸርታትን ምንባሮም፡
- መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ መድረኽን መምህርን ሕብረተሰብ ምንባሮም፡
- መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ድምጺ ተስፋን መንነትን ኤርትራውያን ምንባሮም፡
- ልዕሊ ኩሉ ከኣ መምህር ኣስረስ ተሰሞ፡ ነቲ ዝሓለፈን ሕጂ ዘሎን ከም’ኡ’ውን ናይ መጻኢ ወለዶን ዘራኽቡ ድልድል ምዃኖም ብመገዲ እዛ መጽሓፉ ብዙሓት ኣንበብቲ ክንፈልጦም ስለ ዘኽኣልና፡ ንዘመንፈስ ሃይለ ብስም ኩላትና ደጊመ ኣፍልጦ ክብለ እደሊ። ምስኡ’ውን እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ምርምራዊ ዕዮ፡ ብኸሓትና ከውሃቦ ንኻልእ ምርምራዊ ዕዮ ደርኺት ክፈጥርን እምነት ኣሎኒ።

# መዛነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ምሉእ ጥዕና ንምውናን

• ሰላም ኣእምሮ ምሕላው፦ ሓደ ሰብ ሰላም ኣእምሮ ንኽውንን እኹል ትሩፍ ህድኣትን ልቦናን የድልዮ፣ ብናይ ደገ ፍጻመታት ዘይጽሎ ክኸውን ኣለዎ። ዕግርግር፣ ትህኪት ዘለዎ ሰብ ሰላም ኣእምሮ ክህሉዎ ኣልካ ዘይሕሰብ እዩ። ብሽኡ ሰላም ኣእምሮ ዘይምህላው ከኣ ጥዕናኡ ብኣሉታ ክጽሎ ግድን እዩ። ሰላም ኣእምሮ ንምውናን ሀርኩት፣ ጻዕራም፣ ትኩር ወናኒ ብልሒ ኩን። እዚ ምስ ትውንን ጸጋሕ ትዕወትን ምሉእ ጥዕና ድማ ክህልወካ እዩ።

• እኹል ድቃስ ርኸብ፦ እኹል ድቃስ ምርካብ ምሉእ ጥዕና ንክህልወና ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዘለዎ ኮይኑ፡ መዓልታዊ ካብ 8-10 ሰዓታት ምድቃስ ንኣካላት ንጡፍን ንቑሕን ይገብሮ። እዚ ድማ ካብ ንኽትቀሕ ኣልካ ዝስተ ቡን፡ ሻሂን ካልኦት ናይ ካፈይን ትሕዝቶ ዘለዎም ፈሰስትን ንኽተጉድል ይሕግዘ። ብፍልእ መዓይ፡ እዚ ነገራት ምግባር ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት - ከም ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሽኮርያን ካልእን ንኽይትጥቃዕ ይሕግዘ። ብዘይካ ናብ ዓራት ቀልጢፍካ ምድያብ ወይ ምድቃስ ንግሆ ኣብ ግዜኻ ንኽትትንስእን ክትትቅሕን የኽእል። ብዙሕ ምስሓቕን ፍሽክ ምባልን'ውን ተወሳኺ ሓገዝ እዩ።

• ዕረፍቲ፦ ኣብ ህዱእን ጸልማትን ዝኸውነ ደምሲ ዘይብሉን ቦታ 10-15 ደቓይቕ ንብይንኻ ኮፍ ምባል ንኽትዝክን ካብ ዝወዓልካ ሸገራት ንኽትሃድእን ዝሕግዝ ኮይኑ፡ እንተ ተዘኺሮ ኣካላትካ ክፈታታሕን ጭዋዳታት ግቡእ ስራሖም ክከይዱን ይኽእሉ። እዚ ብፍላይ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቅትሪ ምስ ዝኸይድ ምሉእ መዓልቲ ንቑሕ ኮይንካ ክትውዕል ይሕግዘ።

• ኣካላዊ ምንቅስቓስ፦ ንግሆ ተንሲእካ ወይ ኣብ እዋን መዓልቲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኽያድ፡ ዝያዳ ተዓጻጻፍን ምውኞን ኣካላት ክህልወካ የኽእል። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንናይ ሕማማት ምጽዋር ዓቕሚ የሐይልን ጅማውቲ ግቡእ ስራሕ ክገብሩን ብቐልጠፍ ክድኽሙን ይሕግዞም።

• ማይ ምስታይ፦ እኹል ማይ ምስታይ ምሉእ መዓልቲ ብጥዕናኻ ክትውዕል የኽእለካ። ንመዓልቲ ካብ 6-8 ብኬሪ ማይ ምስታይ ኣብ ጥዕናዊ ኩነታት ሓደ ሰብ ብዙሕ ኣስተዋጽኦ ዘለዎ ኮይኑ፡ እኹል ማይ ዘይምርኳብ ንሕማም ርእሲ፡ ድርቀትን ካልኦት ሕማማትን ከቃልዕ ይኽእል።

• ዘብዘብ ምባል (ምጉያይ)፦ እዚ ግድነት ንሓሙሽተ ሸዱሽተ ኪሎ ሜትራት ዘይኮነ፡ ብፍላይ ኣብ ግዜ ንግሆ ጹሓይ ቅድሚ ምብራቓ ንኣስታት 15 ደቓይቕ ምስ ዝግበር፡ ግቡእ ሚዛን ሰብነት፡ ሓይሊ፡ ንቕሑነት ንክህሉ ይሕግዘ። ኣብ ሰሙን ክልተ ወይ ልዕሊኡ ግዜ ዘብዘብ ምባል ጠቓሚ ኮይኑ፡ ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ልዕሊ ሓደ ሰዓት ዘብዘብ ምባል ግን ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ክዓቢ ይኽእል።



## ምልክታት ጉድለት ርእሰ-ተኣማንነት



"ርእሰ-ተኣማንነት ውሽጣዊ ስራሕ እዩ። ምስ ሓንስ ብቐጥታ ዝተኣሳሰር ምኻኑ ምዝኻር ከኣ ኣገዳሲ እዩ" ብምባል እዩ ሮበርትስ ዝገልጾ። ሰብ ክሳብ ዝኸውን፡ ጌጋ ናይ ምፍጻም ኣጋጣሚ ኣለዎ። ስለዚ ንገዛእ ተግባርካ ዘይተኣደነ ምኽሪት ምንዳይ ኣየድልየካን'ዩ። ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎም ሰባት፡ ንቕድሚት ሰቕ ኢሎም'ዮም ዝስጉሙ። ሃናጺ ምኻኑን ዘይምኻኑን ድማ ይመምዩ። ሃናጺ እንተ ደኣ ኾይኑ ይቕበልዎ፡ እንተ ዘይኮይኑ ብዙሕ ብዛዕባኡ ኣይሓስቡን። ኣብ ፍጹምነት ዘኣምኑ ሰባት፡ ኣብ ፍጹምቲ ዓለም ዝነብሩ ዘለዉ ኮይኖም'ዮ ዝስምዖም። ንነገራት ድማ ብፍጹምነት ክዓይዎም ይህቅኑ። ድኻ ወይ ዘይብቑዕ ስምዒት፡ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ድኹም ምስሊ ምሕዳር. . . ገለ ካብቶም ግሉናት ተርእዮታት ትሑት ርእሰ ተኣማንነት እዮም። ስለዚ ዋጋ ዘለካ ኮይኑ ንኽስምዓካ ኣብ ደጋዊ ረቛሒታት ኣይትእመን። ክብርኻን ዋጋኻን ምስ ደጋዊ ኩነታት እንተ ደኣ ኣተኣሳሰርካዮ - ንኣብነት ምስ ገንዘብ፡ ህብትምነት፡ ተቐባልነት...ወዘተ - ነዞም ረቛሒታት እዚኣቶም ኣብ እትስእነሉ ግዜ ናይ ግድን ትሑትነት ክስምዓካ እዩ። ብዘይ ዝኸውን ናይ ትሑትነት ስምዒት ከም ዝተወለደካ ዘክር። ትሑትነት ድሕሪ ምውላድና ኣብ ኣእምሮና ዝሰርጽ ስምዒት ምዃኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ክውገድ ከም ዝኽእል ምስትውዓል የድሊ። ከምቲ ደቂ ሰብ ሓይልን ድኽምን ጎድኒታት ከም ዘለዎ ርዱእ ነገር እዩ። እዚ እንተ ዘይተገንዘብናዮ ግን ብናይ ካልኦት ሰባት ሓሳብን ድሌትን ንኽንገዓዝ ዘሎ ተኽእሎ ክዓቢ እዩ። ንዝስምዓካ ናይ ትሑትነት ስምዒት ዝኸሕስ ተግባራት ክትፍጽም ከይትሓስብ። ትሑትነት ብገንዘብ፡ ብህብትምነትን ብስልጣንን ብቐሊሉ ክጠንን ዝኽእል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ነዚኦም ምስ ወሰኽካ'ውን ክበድሆካ ኣይክእልን እዩ። ርእሱ-ተኣማንነት ተማሂርካ ክጥረ ዝኽእል ክእለት ምዃኑ ብምፍላጥ ከመይ ከም እተማዕበሎ እንተ ተገዲስካሉ፡ ኣብ ነብስኻ እወታዊ ኣመለኻኽታ ስለ እተሕድር ዝስምዓካ ትሑትነት ክውገድ ይኽእል እዩ። "እቲ ዝሓበቐ ክትሉበ እትኽእል ነገር፡ ርእሰ ተኣማንነት እዩ" ብምባል እዩ ብሌክ ላይቭሊ ንርእሱ-ተኣማንነት ዝገልጾ።

ገለ ካብ ምልክታት ጉድለት ርእሰ ተኣማንነት፦

- ንተግባራትካ ምኽንያት ክትህቡ ምፍታን
- ኣንጻር ዝወርደካ ነቐፌታ ቅጽበታዊ መልሲ ምሃብ።
- ፍጹም ክትከውን ምፍታን።
- ናይ ኮን ድኾን (risk) ውሳኔ ዘይምውሳድ።
- መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ርእይቶኻ ወይ ውሳኔኻ ሮዘኛ ዘይምኻን።
- ሓደስቲ ነገራት ዘይምፍታን ወይ ድማ ብቐሊሉ ተሰፋ ምቝራጽ።
- ንዉበትኻ ምስ ካልኦት ምውድዳር።
- ዝሓሸ ስምዒት ንኽህልወካ ንኻልኦት ሰባት ምፍራድ።

## 'ሎሚ' - ምስጢር ኩሎም ዓወታት

"እቲ ዘይሕጉስ ሰብ ኩሉ ግዜ ኣብ ሕሉፍ ወይ ኣብ መጻኢ ስለ ዝነብር፡ ሎሚ ፈጺሙ ክሕጎስ ኣይክእልን እዩ።"- ሰረን ኪርኬጋርድ

ሎሚ እንገብሮ ምርጫታት ኢዩ ንጽባሕ እንሓልሞ ደፈጥሮ እዩ። ደቂ ሰብ ሓደ ካብቲ ጸቡቕ ባህርና ንሕሉፍና ብምዝምጋም ንቕድሚት ክንጥምት ንኽእል ብምዃንና እዩ። እዚ ንኹሉ ዝሓለፍናዮ ምዕባለታት ህይወት ብደቂቑ ብምትንታን ዝበረና ሕማቕ ጎድኒ ብኸመይ ከም እንኣልዮ ወይ ካብኡ ንናገፍ ኢና፡ ሓያል ጎድንና ድማ ብኸመይ ከም እንድርዖ ዝምዝምዝ መሰረታዊ መስርሕ ህይወት እዩ።

ግዜ ብዘየቋርጽ ናህሪ እዩ ዝሕንብብ። ብዓቢኡ ህይወት ኣብ ሎሚ ኢያ ትምርኮስ። ብዙሕ ዓመታት ዝገበርናዮም ወይ ዝፈጸምናዮም ነገራት ዝሓለፈ ምዃኑ'ዩ። ሎሚ እንታይ ትገብር ኣሎኻ፧ ሎሚ ዝገበርናዮ ነገር ፍጻመ ኢዩ ነዊሕ ዓመታት ዝሕለፍናዮም ነገራት ናይ ምቕያር ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። ዝተፈላለዩ መደባት ሓንጺጽና ተበጊሶ ምስ ንወስድ ክንዕወተሎም ንኽእል ኢና። እዚ ግን ንዕላማና ብዝግባእ ክንጽዕተሉን ግዜ ክንውፍየሉን ምስ ጀመርና'ዩ ዝበጽሕ። ንኽንውንኖ ግን ኣብ ሓደ ሓቂ ክንኣልው ኣለና፡ ኣብ ሎሚ። ሎሚ ምስጢር ኩሎም ዓወታት ኢያ። ኣብ ሎሚ ክንገብር ምስ እንጀምር ንህይወት ክሉስተማቕራ ንኽእል። ብዛዕባ ጽባሕ ብዙሕ ኣይንጨነቕ፡ ኩሉ ኣድህቦና ኣብ ሎሚ ጥራይ ንግበር። ኣብ ህሉው ነገር እንተ ኣድሂብና፡ ባዕሉ መጻኢ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ክኣቱ'ዩ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ነገራት፡ ኣብ ሎሚ ምእማን እዩ ክድልየና።

ጸባሕና ካብ ሎሚ ብጠለ መዓያ ወይ ብኸለንተናኣ ክትሓይሽ ይግባእ። ትማል ዘይገበርናዮ ጸቡቕ ነገር ሎሚ ንጀምሮ፣ ሎሚ ተኸዊልና ዘሎ ጸጋሕ ክንርእዮ ንጽዓር። "ኣነ ትማልዶ ይሓይሽ ሎሚ፧ ጸባሐይ ካብ ሎሚ ንኽትጽብቐከ እንታይ ክገብር ኣለኒ" ምባል እዩ። ከንጅ ምባል ከኣ ምትግባር። ሽዑ ጸጋታት ተደማሚሮም፡ ነዛ ሎሚ ዘላ ንበስና ፍጹም ከም እንጋግያ ክገብሩና እዮም። ብዓቢኡ ከኣ፡ ንበስኻ ምዝምጋም። እቶም ቅድሚ ሕጂ ሓንጺጽናዮም ዝበርና መደባት ከመይ ኣተግቢርናዮም። ብግቡእ ዓቕምና ንዝምዝም። ሃንፋትና ብምምዕርራይ ንጽባሕ ብሓደሽ መንፈስ ንበጽሖ፡ እቲ ዓወት ኣብ ቀረባ'ዩ። ሎሚ ብውሕሉል ኣጠቓቕማ ግዜና ካብ እንጻጸ ዕማም ዝርከብ ዕግበት፡ ተቛደስቲ ንሕና ጥራይ ኢና ንኸውን። ንዝመጽእ ወለዶ'ውን ጥጡሕን ርህውን ናይ ዕድላት ባይታ ዘንጽፍ እዩ። ስለዚ ኣብ ሎሚ ኮይንካ ፍልጠት ምድላብ፡ ካብ ሎሚ ድማ ኣብዚ ሰዓት እዚ ንፈልጦ። እቲ ምንታይ መጻኢና ኣብ ሎሚ ስለ ዝምርኮስ።



### ጥቕስታት መዛነዩ

- "ፍርሒ ንእሹቶ ክንሱ ዓቢ ጽላሎት'ዩ ዘውንን" - *ሩት ጀንደር*
- "ተግባራት ደቂ ሰብ እቶም ዝበለጹ መግለጺ ሓሳባቶም እዮም።" - *ጀምስ ጆይስ*
- " ናይ ቀደም ልምድታት ክንቅይር ኣየድልየናን እዩ፡ ዝሓሹ ልምድታት ክንዝንዝ ንኽእል ኢና።" - *ቤንደር*
- "ኣብ ገዛእ ርእስና ዘለዎም ሓይልን ዓቕምን ንረኽበሉ ዕድል፡ ህይወት ቡዓሂት ክትከውን እንክላ'ዩ።" - *ጆሴፍ ካምበል*
- "ምጽባይ ሕሱም'ዩ ምርሳዕ ከኣ መሪር። እንታይ ከም ትገብር ዘይምውሳን ግና ዝኸፍአ ስቓይ" -*ፓውሎ ኮሄልዮ*
- "ትጽቢት፡ ሰር ኩሉ ቃንዛ ልቢ'ዩ።" - *ሼክስፒር*
- "ስራሐይ ህይወተይ'ዩ - ህይወተይ ከኣ ስራሐይ።" - *ሚካኤል ካስቸሎቭ*
- "እቶም ንግዜኦም ብግቡእ ዝጥቀሙሉ ሰባት፡ ሓንቲ'ኳ ዝኸስርዎ ነገር የልቦን።" - *ቶማስ ፉለር*

### መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ቀ | ይ | ሕ | ባ | ሕ | ሪ | | ጓ | ዕ | መ | መ | |
| ላ | | ተ | ር | | ት | ካ | ል | | ል | | ወ |
| ሚ | ን | ታ | | ዕ | ለ | ት | | ኣ | መ | ቀ | ረ |
| ጦ | ፍ | | መ | ል | ስ | | ኣ | ቖ | ለ | ለ | |
| ስ | ቀ | ል | | ቦ | | መ | ሓ | ለ | | ቤ | ት |
| | ክ | ም | ስ | | | ን | | በ | ለ | ት | |
| ቀ | ቢ | ላ | | ኣ | ቶ | | ፍ | | መ | | ዓ |
| ለ | | መ | ሃ | ይ | ም | ነ | ት | | ጭ | ሕ | ሚ |
| ሰ | ነ | | ፋ | ፋ | | ብ | ሕ | ት | | ል | |
| | ስ | | | ል | ብ | ሲ | | ል | ም | ም | ድ |
| ኣ | ነ | ዋ | ሪ | | ላ | | ስ | ሚ | | ል | ቢ |
| | ሰ | ሪ | | ብ | ይ | ን | | | ሰ | ም | |

መም ያቀብ መርሃዊ (ጃክ)

# ዘዕባ ሎሚ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ኢትዮጵያ ባሕሪ ኣብ ዝሓዘትሉ እዋን እንታይ ረቢሓ፧



ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ዞባናን ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያታትን ዝጋዋሕ ዘሎ "ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ እንተዘይሃልዩዋ ክትዓቢን ክትልወጥን ኣይትኽእልን እያ" ዝብል ዛንታ ፖለቲካዊ ፕሮፓጋንዳ ነቲ ሓቀኛ ታሪኻዊ ጭብጥታት ብምዕፋን ንህዝቢ ኣብ ዘይነበረ ናይ ሕልሚ ዓለም ንምእታው ዝግበር ዘሎ ፈተነ እዩ። ንሓደ ሃገር ወይ መንግስቲ "ባሕሪ ጥራይ እዩ ውሕስነት ሃብቲ፡ ረኺብን ህላወን" ኢልካ ምእማን ካብቲ ኣብቲ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ዘሎ ቀጠባውን ፖለቲካውን ሓቅታት ምውጻእ እዩ።

ምስዚ ዝተኣሳሰር ሓቀኛ ታሪኽ ክንምልከት። ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኻ ባሕሪ ነይሩዋ'ዶ፧ እወ። ካብ ድሕሪ ምፍራስ ፈደረሽን ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ 1962 ክሳብ ውድቀት ስርዓት ደርግ ኣብ 1991 ኣብ ዝነበረ ናይ 30 ዓመታት ግዜ፡ ኢትዮጵያ ንመላእ ኣፍደገ ባሕሪ ኤርትራ (ምጽዋዕን ዓሰብን) ብዮመጃን ብሓይልን ሒዛቶ ነይራ እያ። ኣብዚ ምሉእ ብምሉእ ባሕሪ ሒዛ ዝነበረትሉ ናይ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ዘመን፡ ኢትዮጵያ ከም ሃገር እንታይ ረቢሓ፧ ህዝባ ካብ ድኽነትን ጥሜትን ኣገላጊሉ'ዶ፧ ቀጠባኣ ብሉጽን ዘተኣማምንን ኮይኑ'ዶ፧ ወይስ ብኣንጻሩ እቲ እዋን ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኻ እቲ ዝኸፍአ ናይ ዕዱ ዕንዲዱ ወሽጣዊ ውድቀትን ሰብኣዊ ህልቂትን ዘረኣየትሉ ጸልማት ዘመን እዩ ነይሩ፧ እዚ ጽሑፍ'ዚ ነዚ ታሪኻዊ ሓቂ'ዚ ብጭብጥታት ኣሰንዩ ብምቕራብ፡ እቲ ምስ ባሕርን ቁጠባዊ ምዕባለን ብምዝማድ ዝቐርብ ዘሎ ሃለውለዋት፡ ብኸመይ ኣብ ቅድሚ ታሪኻዊ ሓቂ ከም ዝፈሽል ዝሕብር እዩ።

ታሪኻዊ ድሕረባይታ ከም ዘረድኦ ኢትዮጵያ ባሕሪ ዝረኸበትሉ ኩነት ብሰላማዊ ወይ ብሕጋዊ መገዲ ዘይኮነስ ብዮመጃን ኣህጉራዊ ሕግታት ብምጥሓስን እዩ ነይሩ። ኣብ 1952 ብውሳነ ሕቡራት መንግስታት ዝቖመ ፈደረሽን ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብንጉስ ሃይለስላሰን ብምኽሪ ምዕራባውያን ሓይልታትን (ብፍላይ ኣመሪካን ብሪጣንያን) ብዮመጽ ዝተሃንደሰ እዩ። ምዕራባውያን ንናይ ጂኦፖለቲካዊ ረብሓን ኣብ ቃኘው ስቴሽን (ኣስመራ) ንዝነበሮም ናይ ስለያን ወተሃደራዊ መደበርን ክብሉ ንመሰል ርእሰውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ብምዝሳስ ንኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ኣረከብዋ። ንጉስ ሃይለስላሰ ነቲ ባሕሪ ብዮመጃ ምስ ሓዞ ንህዝቢ ኢትዮጵያ "ሕጂ ናብ ብርሃን ምዕባለን ሃብትን ክንሰግር ኢና" ዝብል መወጽዖታት የቕርብ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ብዮመጃ ብዘይ ድልየት ህዝቢ ኤርትራን ዝተወሰደ ኣፍደገ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ሰላምን ዕብየትን ኣየምጽኣላን። እቲ ዝሰዓበ ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ውድቀትን እዩ ኣሰዒቡ። ባሕሪ ምሓዝ ንበይኑ ቁጠባዊ ረብሓ ዘይህብ ንሃገር ዝውሕጥ ናይ ውግእን ናይ ህልቂትን መመላእታ ኮይኑ ተረጋጊጹ።

ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ጭብጥታት፡ እቲ ኣብ 1973-1974 ኣብ ኢትዮጵያ (ብፍላይ ኣብ ወሎን ትግራይን) ዝተኸሰተ መሪር ናይ ጥሜት ደርቅን ሰብኣዊ ህልቂትን እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኢትዮጵያ ክልተ ዓበይቲ ናይ ባሕሪ ወደባት (ምጽዋዕን ዓሰብን) ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ነይረን። እንተኾነ ግን እቲ ህላወ ባሕሪ ንሚልዮናት ዝጸዓሩ ኢትዮጵያውያን ካብ ጥሜትን ሞትን ከድሕኖም ኣይከኣለን። ንጉስ ሃይለስላሰ ነቲ ደርቂ ብምሕባእ ህዝቢ ኣብ ጥሜት ከሎ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዓበይቲ ፌስቲታት የካይድ ነይሩ። እቲ ባሕሪ ንምዕባለ ሃገር ዘይኮነ ንንጉሳዊ ስርዓት ጥራይ'ዩ ዘገልግል ነይሩ። ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ብሰንኪ ጥሜትን ብልሽው ምሕደራን ዝተላዕለ ናይ ህዝቢ ቁጠዐን ናይ ተማሃሮን ወተሃደራትን ምንቅስቓሳትን ንስርዓት ሃይለስላሰ ካብ ስልጣን ደርበዮ። እዚ ድማ ህላወ ባሕሪ ንበይኑ ንሓደ ስርዓት ካብ ውድቀት ከም ዘየድሕኖ ዝሕብር ታሪኻዊ ጭብጢ እዩ።

ስርዓት ደርግ (መንግስቲ ሃይለማርያም) ናብ ስልጣን ምስ መጽአ እቲ ናይ ወጻኢ ደገፍ ካብ ምዕራባውያን ናብ ሶቬየት ሕብረት ተቐየረ። ደርግ ንኤርትራ ብሓይሊ ንምሓዝ ንባሕሪ ብቐጻልነት ንምቁጽጻርን ክብሉ ሚልዮናት ዶላራት ወተሃደራዊ ሓገዝ ካብ ሶቬየት ሕብረት ተቐቢሉ። እቲ ባሕሪ ንምሓዝ ዝግበር ዝነበረ ውግእ ንቑጠባ ኢትዮጵያ ብምሉኡ ወተሃደራዊ መልክዕ ከም ዝሓዝ (Militarized Economy ከም ዝኸውን) ገበሮ። ካብ 50% ንላዕሊ ናይታ ሃገር ሃገራዊ ባጀት ንኣጽዋራትን ንምዕቃብ ኣጽዋርን እዩ ዝውዕል ነይሩ። ወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ንንግድን ንልምዓትን ዘይኮነስ ወተሃደራዊ ንብረት፡ ታንክታትን ሚግ ነፈርትን ናብ ውሽጢ ሃገር ንምእታው ዘገልግላ ወተሃደራዊ መደበራት እየን ነይረን። እቲ ካብ ባሕሪ ዝርከብ ዝነበረ ንእሽቶ ኣታዊ እውን ብቢልዮናት ዶላራት ንዝሓለፉ ናይ ውግእ ባጀት ክሽፍን ኣይከኣለን።

ኣብ 1984/85 እውን ዳግማይ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ዓለም እቲ ዝኸፍአን ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ማዕከናት ዜና ዓለም ብሰፊሑ ዝተዘርግሐን ናይ ጥሜት ህልቂት ኣጋጠመ። ኣብቲ እዋን'ቲ ልዕሊ 1 ሚልዮን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብጥሜት ሃሊቑ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኢትዮጵያ ባሕሪ ነይሩዋዶ፧ እወ! ምጽዋዕን ዓሰብን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ደርግ ነይረን። እንተኾነ ግን እተን ወደባት ንምንታይ እየን ዘገልግላ ነይረን፧ ብወደባት ዓሰብን ምጽዋዕን ዝኣቱ ዝነበረ ኣጽዋር ውግእ እምበር ናይ ልምዓት መሳርሒታት ኣይነበረን። እቲ ስርዓት ንባሕሪ ተጠቒሙ ንህዝቢ ካብ ጥሜት ኣብ ክንዲ ዘድሕኖ ንውግእን ንምትሕልላው ጥራይ እዩ ተጠቒሙሉ። እዚ ድማ ባሕሪ ወይ ወደብ ብምህላው ጥራይ ረብሓ ህዝቢን ቁጠባዊ ምዕባለን ከም ዘይረጋገጽ የረድኣና።

ኢትዮጵያ ኣብቲ ባሕሪ ሒዛትሉ ዝነበረትሉ 30 ዓመታት (1962-1991)፡ ኣብ ዓለም ካብ ዝለዓ ኣዝዩ ድኻታትን ተመጽዋዕትን ሃገራት ሓንቲ እያ ነይራ። እቲ ካብ ባሕሪ ዝርከብ ዝነበረ ቁጠባዊ ረብሓ ነቲ ንኤርትራ ብዮመጃ ንምሓዝ ዝወጽእ ዝነበረ ናይ ውግእ ባጀት 0.1% እኳ ክሽፍን ከም ዘይክእል ዝገልጽ። ስርዓት ደርግ ካብ ሶቬየት ሕብረት ልዕሊ 11 ቢልዮን ዶላር ናይ ኣጽዋር ዕዳ ተሰኪሙ። እዚ ዕዳ'ዚ ንባሕሪ ብሓይሊ ንምሓዝ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ትምህርቲ፡ ጥዕና መሰረተ-ልምዓትን ኢትዮጵያ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ወደቑ። ሰብኣዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ ብፍላይ እቲ መንእሰይ ወለዶ ኣብቲ ዘይናታ ባሕሪ ንምሓዝ ዝተኻየደ ኲናት ብኣማኢት ኣሽሓት ሃሊቑ። ክንዲ ዝኾነ እቲ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ዝወፈየ ፍረ እንተነይሩ፡ ናይ ኣሽሓት ሬሳታትን ናይ ቢልዮናት ዶላራት ዕዳን ጥራይ እዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ስርዓት ደርግ ነቲ ባሕሪ ክሕዞ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ምስ በጽሐ ኣብ ምጽዋዕ ብ1990 ብዝተኻየደ ስርሒት ፈንቅል ካብ ጕምጕም ባሕሪ ምስተባረረ፡ ነቲ ወደብ ምጽዋዕ ንዓበይቲ መኻዝናትን ብቦምብ ብምድብዳብ ኣዕነዎ። እዚ ድማ እቲ ስርዓት ንባሕሪ ከም ናይ ልምዓትን ዕብየትን መሳርሒ ዘይኮነስ ንፖለቲካዊ ወጽዓን ወተሃደራዊ ንብረትን ጥራይ ይርእዮ ከም ዝነበረ ዘርኢ ዓቢይ መረጋገጺ እዩ። ኢትዮጵያ ኣብ 1991 ካብ ኤርትራ ክትወጽእ ከላ ብምሽንጋት ህላወ ባሕሪ ዘጥረየቶ ቁጠባ ወይ ዝረኸበቶ ረብሓ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ ምሉእ ብምሉእ ዝፈረሰ ቁጠባ፡ ዝዓነወ ሰራዊት፡ ዝተቐረጸ ናይ ደገ ርክባትን ዝደኸመ ሃገራዊ ህልውናን እያ ሒዛ ወጺኣ። እቲ "ባሕሪ ነይሩና" ዝብል ናይ ትምክሕቲ ዛንታ ኣብ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ዝተረፈ ናይ ዕዳን ሞትን ታሪኽ ጥራይ እዩ ነይሩ።

እምበኣር ካብዚ ናይ 30 ዓመታት (1962-1991) ታሪኻዊ ጭብጢ እንረኽቦ ዓቢይ ትምህርቲ ኣሎ። ሓደ መንግስቲ ወይ ሃገር ብዮመጃን ብምትንኻፍን ናይ ካልእ ሃገር መሬትን ባሕርን ብምሓዝ ዝረኽቦ ረብሓን ምዕባለን የለን። ባሕሪ ምህላው ጥራይ ንበይኑ ናይ ዕብየት መረጋገጺ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ 1962ን 1991ን ምስ ዝነበራ ካልኦት ግዙፍ ዘይተመዝመዘ ጸጋታት ተደሪፉ ኣብ ኣፍሪቃ እታ ዝበለጸት ሃገር ክትኸውን ምተኻእላ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ሓቂ ብኣንጻሩ እዩ። እቲ እዋን እቲ ዝኸፍአ ናይ ጥሜት፡ ዕዳን ውድቀትን ዘመን ኮይኑ ተመዝጊቡ ይርከብ። ኢትዮጵያ ዘይናታ ባሕሪ ሒዛትሉ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ሕልፊ ደርቅን ጥሜትን ህልቂትን እያ ነይራ።

እዚ ሕጂ "ባሕሪ እንተዘይሃልዩና ክንጠፍእ ኢና" ዝብል ሃልወሳ ኣምባገነናዊ ታሪኻዊ ውድቀት ዳግማይ ንምድጋም ዝግበር ዘሎ ናይ ተልመዴን ፖለቲካ እዩ። ኣብ ዓለምና ወደብ ኣልቦ ኮይነን ብሰላም ብጽቡቕ ጉርብትናን ብምግዳን ኣዝየን ሃብታማት ዝኾና ሃገራት ኣለዋ። ኢትዮጵያ ዘድልያ ሃገር እንተሃልያ ምስ ጎረባብታ ኣብ ምክብባር ዝተመስረተ ሰላማዊ ርክብን ውሽጣዊ ምሕደራን ሰላምን ጥራይ እዩ። ባሕሪ ብዮመጃ ብምሓዝ ዝመጽእ ረብሓ የለን፡ ግን እቲ ናይ 30 ዓመታት ታሪኽ ዝሰዓቦ ጭብጥን ምስክር እዩ!




መወከሲታት

Amartya Sen (1981) – Poverty and Famines: An Essay on Entitlement and Deprivation, Oxford University Press.

Jonathan Dimbleby (1973) – The Unknown Famine

Gebru Tareke (2009) – The Ethiopian Revolution: War in the Horn of Africa, Yale University Press.

Dawit Wolde Giorgis (1989) – Red Tears: War, Famine and Revolution in Ethiopia, Red Sea Press.

Alex de Waal / Human Rights Watch (1991) – Evil Days: Thirty Years of War and Famine in Ethiopia, Africa Watch.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

## ማጆርን ናዝሬትን፡ ዕዉታት ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ኮይኖም

ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን 2026፡ ሰንበት 9 ነሓሰ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ መንደፈራ ተኻይዱ።

ኣብቲ ውድድር፡ ንሰለስተ ዞባታት - ደቡብ፡ ጋሽ ባርካን ማእከልን ከምኡ'ውን ክሉብ ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝወከሉ እንተላይ ገለ ናይ ውልቂ ኣትሌታት ተሳቲፎም። ዓንሰብ ከምኡ'ውን ናይ ጕምጕም ባሕሪ ዞባታት ሰሜናዊን ደቡባዊን ግና ኣይተሳተፉን።

ኣብቲ ናይ 21 ኪሎሜተር ጸወታ፡ ሓንቲ ዙርያ 5.25 ኪሎሜተር ብምንባሩ፡ ኣትሌታት ኣብቲ ካብ መዋፈሪ ኣውቶቡስ ክሳብ መረብ ሆቴል ዝዘርጋሐ መወዳደሪ መስመር፡ ኣርባዕተ ሳዕ ዘይሮም።

ብዙሕ ብክራማት ጎደናታት ከተማ መንደፈራ ጨፊቖሉ ዘሎ ቅንያት፡ ሰሙያትን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ዝቃለሱ ዘለዉ ሓያሎ ኣትሌታትን ደቂ ተባዕትዮ፡ ጸወታኦም ብሓያል ናህሪ ጀሚሮሞ። ብኡንኡ ብዙሓት ኣትሌታት ድማ ዘርጠብጠብ ክብሉ ተቐሲቦም። ሓደ ካብ ሰሙያት ኣትሌታት ዝኾነን ዓሚ ሳልሳይ ዝወጸን ኣሮን ክፍለ ከኣ፡ ውድድር ፍርቂ ርሕቀት ምስ ተላዕሉ፡ ኣይከኣለን - ተኣልዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ መራሒት ጉጅለ ዝያዳ ብኣትሌታት ዞባ ደቡብን ክሉብ ደንደንን ኣብ እትውጠጠሉ ዝነበረት እዋን፡ ዓሚ ኣብ ባረንቱ ዕዉት ናይዚ ውድድር ዝነበረን ኣብ ዞባኡ ክብሩ ንምዕቃብ ዝተውዳደረን ኣትሌት ዓወት ሃብቱ፡ ምሕር ኪጋደል ተራእዩ።

ወሰናት ኣትሌታት ናብ ናይ መዛዘሚ ሜትሮታት ብሓብር ኣብ ዝበጽሓሉ ከኣ፡ ኣትሌት ዞባ ደቡብ ማጆር ቴድሮስ፡ ብዘዘበርሮ ሓያል ፍጥነት - ብ1 ሰዓት፡ 4 ደቒቕን 41 ካልኢትን ዕዉት 'ፍርቂ ማራቶን 2026' ኮይኑ። ወዲ ጋንታኡ ተኽለሃይማኖት ብርሃ፡ ክልተ ካልኢት ተፈንቲቱ ካልኣይ ክኣቱ እንከሎ፡ ኣትሌታት ክሉብ ደንደን - ሳይሞን መብራህቱን ሙሴ ክፍለምን ከኣ፡ ብተመሳሳሊ ሰለስተ ካልኢታት ድሒሮም ሳልሳይን ራብዓይን ደረጃ ሒዞም።

ብዘይካ'ዚ፡ ሞገስ ሹማይ ካብ ደቡብ 21 ካልኢት፡ መርሃዊ ከሰተ ካብ ጋሽ ባርካ 26 ካልኢት ደንጊዮም ንሓሙሻይን ሻዱሻይን ተርታ ተማቒሎም።

ኣሰናዳኢት ናይዚ ውድድር ዞባ ደቡብ ድማ፡ ዓሚ ብዓወት ሃብተ ዘምጽኦቶ ዓወት፡ ሎሚ ዓመት ኣብ መሬታ ብማጆር ቴድሮስ ዓቂባቶ።

ወርትግ ብሰሪ ካብ ቁጽሪ ኣጻብዕቲ ዘይሓልፍ ብዙሓን ጉጅለን ኣሰካፊ እናኾነ ኣብ ዝኸይድ ዘሎ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ፡ ወላ'ኳ ዋሕዲ እንተነበሮ፡ መሳጢ ግና ነይሩ።

እቲ ውድድር ዕብለላ ደንደን ዝተንጸባረቐሉ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ዓወት ግን፡ ናብታ ብእንክን ምኽርታትን ኣትሌት ተወኪላ ዝነበረት ጋሽ ባርካ እዩ ኣቕኒዑ። ኣሎምፒካዊ ኣትሌት ናዝሬት ወልዱ - ብ1 ሰዓት፡ 19 ደቒቕን 1 ካልኢትን ቀዳመይቲ ኣትያ። ናዝሬት፡ ድሕሪ ኣብ ወርሒ መጋቢት ናብ ጉያ ምምላሳ ዛጊት ኣብ ወሽጢ ሃገር ኣብ ዝተሳተፈቶም ውድድራት ጸብለል ክትብል ክኢላ ኣላ።

ሚካል ጸገዘኣብን ኣሎምፒካዊት ኣትሌት ዶልሺ ተስፉን ካብ ደንደን፡ ብተኸታታሊ ክልተን ኣርባዕተን ካልኢታት ድሒረን መድረኽ ዘደየባን ደረጃታት ሒዘን። ኣትሌታ ዞባ ደቡብ - ናጽነት ኣማኑኤል፡ ዓሚ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ዝወጻ የርዳኖስ ሃብተስላሴ ካብ ደንደን ከምኡ'ውን ትርሓስ ሚካኤል ካብ ደቡብ፡ ካብ ራብዐይቲ ክሳብ ሻዱሻይቲ ኣትየን።

ኣብዚ ክልተኡ ውድድራት፡ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ደረጃ ኣይኣተወትን። ኣብቶም ምስዚ ውድድር መኻይድቲ ዝኾኑ ናይ ሓሙሽተ ኪሎሜተር ከምኡ'ውን ናይ 1.6 ኪሎሜተር (ሓደ ማይል) ጸብለል ኢላ።

ኣብ ሓሙሽተ ኪሎሜተር ከኣ ኣትለታት ዞባ ማእከል - የብል ዘርኣት፡ ሳይሞን ተስፋጊዮርጊስን ፋትኣል መሓሪን ተተሓሒዞም ተዓዊቶም። የብል፡ ብ14 ደቒቕ፡ 14 ካልኢትን 3 ንኡስ ካልኢትን ክዕወት እንከሎ፡ ሳይሞንን ፋትኣልን፡ ብሓንቲን ክልተን ንኡስ ካልኢታት ድሒሮም እየም ዳርጋ ማዕረኡ ኣትዮም። ናይ ዓሚ ዕዉት ናይዚ ርሕቀት፡ ኣትሌት ዞባ ማእከል ዳዊት ሰየረ እዩ ነይሩ።

ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ ዞባ ማእከል ዲያና ሽሻይ - ብ16 ደቒቕን 43 ካልኢትን ተዓዊታ። ጓል ጋንታኣ ኣስቴር ይብበ ድማ፡ 17 ካልኢት ተፈንቲታ ዓሚ ዝሓዘቶ ካልኣይ ደረጃ ደጊማቶ። ቅሳነት ተወልደብርሃን ካብ ደንደን፡ 22 ካልኢት ደንጉያ ተሸላሚት ነሓስ መዳልያ ኮይና።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ሓጺርን ትንፋስ ዘይህብን ናይ 1.6 ኪሎሜተር (1 ማይል) ውድድር፡ ፍጹም ኣብርሃም ካብ ደቡብ ብ4 ደቒቕን 4 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ። ፍትሓዊ ዛይድን ዳብራ ናስርን ካብ ማእከል ሰዒቦሞ።

ካፍሪ ተኽለማርያም ካብ ማእከል ከኣ ብ4 ደቒቕን 46 ካልኢትን ክትዕወት እንከላ እልልታ ሚካኤል - ደንደን፡ ልዋም ኣንገሶም - ደቡብ፡ እግሪ እግራ ኣትየን።

እዚ ውድድር፡ ዝሓለፈ ዓመት እንተላይ ናይ ስንኩላን ተቓዳደምቲ (ዊልቸር) ኣብ ዝሳተፍሉ፡ ኣብ ጋሽ ባርካ ከተማ ባረንቱ ተኻይዱ ምንባሩ ይዝከር።

### ኣስተብህሎ

** ብጐረራት ሰለስተ ዞባታት፡ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ ተደጋጋሚ እናኾነ ይመጽእ ምህላዉ ይፍለጥ። እቲ ምኽንያት ተለሊዩ ዳግማይ ዘይተፋለሉን ብደረጃ ሃገር ብቑዓት ኣትሌታት ዘፍርየሉን መገዲ እንተዘይተናደየ ጸገሙ ረቢሓ ምዃኑ።*

*ብፍላይ ተደጋጋሚ ምብኳር ናይታ ኣብ ታሪኽ ኣትለቲክስ ኤርትራ ብዙሓት ዕዉታት ኣትሌታት ዘፍረየት ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ሃገራዊ ውድድር ቁሩብ ኣቓሪሩዎ ኣሎ።*



ዕውትቲ ፍርቂ ማራቶን ናዝሬት (ማእከለይቲ) ምስ ሚካል (ጸጋም) ከምኡ'ውን ዶልሺ (የማን)



ዕዉት ፍርቂ ማራቶን - ማጆር (ማእከላይ) ምስ ተኽለሃይማኖት (ጸጋማይ) ከምኡ'ውን ሳይሞን (የማናይ)



ኣብነት ዘይተጸዓድነትን ኣርኣያ ብዙሓት ኣትለታትን ዝኾነት ናዝሬት፡ ድሕሪ ምልሶታ ሓዲድ ዓወት ረጊጻ ትርከብ



ናይ ሓሙሽተ ኪሎሜተር ዕውትቲ ዲያና (ማእከለይቲ) ምስ ኣስቴር (ጸጋመይቲ) ቅሳነት (የማነይቲ)



ዕወት ሓሙሽተ ኪሎሜተር - የብል (ማእከላይ) ምስ ድሕሪኡ ዝኣተዉ ደቂ ጋንታኡ ሳይሞን (ጸጋማይ) ከምኡ'ውን ፋትኣል (የማናይ)

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ይቕጽል

ካልኣይ ዙርያ ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት፡ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ኣብ ዝተፈላለየ ሜዳ ብናይ ትሕቲ 13 ዓመት ጸወታ ኮሶ እግሪ ቀጺሉ።

በዚ መሰረት፡ ቲራቮሎ ንኣቖርደት 2-0፡ ፓራዲዞ ንሰረጀቓ 1-0፡ ጎዳይፍ ንገጀረት 4-0፡ ኣኽርያ ንበርኽ ከምኡ'ውን ማእከል ከተማ ንጸጸራት 1-0፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንሰንበል 5-0 ክስዕርአን እንከለዋ፡ ገዛ ጣንዳን ዕዳጋ ሓሙስን 2-2፡ ማይ ተመናይን ጋላ ኣፍሒን ከኣ 1-1 ተፈላልየን።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ቲራቮሎ ንፓራዲዞ 1-0፡ በርኽ ንኣኽርያ ከምኡ'ውን ሰምበል ንማእከል ከተማ ብተመሳሳሊ 3-0፡ ጸጸራት ንኣርባዕተ ኣስመራ 2-0፡ ማይ ተመናይ ንጋላ ኣፍሒ 5-0 ሰዒረንአን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሰንበት ኣብ ዝነበረ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ጸወታታት፡ ኣቖርደት ንቲራቮሎ 5-2፡ ፓራዲዞ ንሰረጀቓ ከምኡ'ውን በርኽ ንጎዳይፍ ብተመሳሳሊ 2-1፡ ማእከል ከተማ ንሰምበል 4-3፡ ጸጸራት ንኣርባዕተ ኣስመራ ከምኡ'ውን ገዛ ጣንዳ ንጋላ ኣፍሒ ብተመሳሳሊ 3-2፡ ማይ ተመናይ ንዕዳጋ ሓሙስ 2-0 ክስዕርአን እንከለዋ፡ ኣኽርያን ገጀረትን 3-3 ተፈላልየን።

በወገን ደቂ ኣንስትዮ፡ ፓራዲዞን ቲራቮሎን 1-1 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ገጀረት ንጸጸራት 3-1፡ ጎዳይፍ ንበርኽ 1-0፡ ሰምበል ንጋላ ኣፍሒ 2-0 ሰዒረንአን።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰሉስ ብናይ ትሕቲ 15 ዓመት ኣብ ኣርባዕተ ሜዳታት ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ውድድር ሓቢሩ።

### ዜና ብሓጺሩ

** ሆዝዩ ሞሪኖ፡ ኣብ 2013 ንቦታ ዓለሚ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝነበረ ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ክትክእ ውዕል ፈሪሙ ምንባሩን ድሒሩ ግን፡ ናብ ቸልሲ ደጊሙ ክጽምበር ከምዝወሰነን ገሊጹ።*

*ሞሪኖ፡ ካብ 2016 ክሳብ 2018 ንማን ዩናይትድ ዓሊሙዋ ምንባሩ ይዝከር። እንተኾነ፡ ቅድሚ'ዚ ሰለስተ ዓመታት መዘኑት ክቕበል ተሰማሚዑ ምንባሩ እዩ፡ ካብታ ሎሚ ሰሉስ እትፍኖ ናይ ውልቁ ሰነዳዊት ፊልም ዝተቐንጨለ ሓበሬታ ዘረድእ።*

** ሓደ ካብቶም ዝሓብተሙ ሰባት ናይዛ ዓለም ዝኾነ - ጀፍ በዞስ ምስ ክልተ ሰብ ሃብቲ ብምኽኣን 30 ሚእታዊት ብርኪ ካብ ሊቨርፑል ንምግዛእ ይዘራረብ ምህላዉ ተሓቢሩ።*

** ምስ ፈራን ቶረስ ኣብ ውልቃዊ ጉዳያት ከምዝተሰማምዑት እትግለጽ ፒኤስጂ፡ ናብ ጋንታኡ ናይ 50 ሚልዮን ዩሮ ወግዓዊ ሕቶ ኣቕሪባ።*

*እዚ መስርሕ፡ ካብ 70 ክሳብ 80 ሚልዮን ዩሮ ክውድእ ትጽቢት ይግበረሉ።*

*ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 መዕወቲቲ ሽቶ ሰጃኛ ኣብ ልዕሊ ኣርጀንቲና ዘመዝገበ - ቶረስ፡ ንፒኤስጂ 'ሕራይ' ኢሉ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ክፍርም እዩ ተሰማሚዑ ዝበሃል።*

### መደብ ጸወታ

**ረቡዕ**

ናይ ዕዉታት ዕውትቲ ዋንጫ ኣውሮጳ (ዩኤፋ ሱፐር ካፕ)

ፒኤስጂ - ኣስቶን ቪላ 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሽዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ስዑዲ ዓረብ ዝገበረቶ ጸጥታዊ ውዕል ከም ዘየሻቕላ ኣፍሊጣ

መንግስቲ ኢራን፡ በቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ መንጎ ስዑዲ ዓረብ፡ ፓኪስታንን ቱርኪን ዝተበጽሐ ሓድሽ ናይ ጸጥታ ስምምዕ ዝተቓለሉ ምኽንያት ከም ዘይብሉ፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይታ ሃገር ኢስማዒል ባጋይ ትማሊ ሰኑይ ገሊጹ።

ባጋይ፡ እቲ 'መካ' ዝተሰምየ ሓበራዊ ስምምዕ ናይተን ሃገራት፡ ዝጸንሐን ጸጥታዊ ኣካይዳአን ይቕይራ ከም ዘለዋ ዘመልክት ምኻኑ ብምሕባር፡ ሰለስቲአን ሃገራት ካብ ጸግዐተኛነት ናይ ደገ ሓይልታት ዝዩዳ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕመን ክምርኮሳ ዘኽእለን ምኻኑ ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ዝኾነ ኣብ ጂኦፖለቲካውን ታሪኻውን ክውንነት ናይ'ቲ ዞባ ዝተመርኮሰ ውጥን ክለ መዲያውን ንኹሉ ዝሓቑፍን ብምኻኑ፡ ንጸላኢን ስግኣትን ብልክዕ ዘጽርር ከም ዝኾነውን ኣረዲኡ።

በዚ ድማ፡ ድሕነት ናይቲ ዞባ ውሑስ ንምግባር፡ ከምኡ'ውን ብእስራኤልን መሻርኽታን ንዝፍጸም ዘሎ ግህሰታትን ዘይምርግጋእን ንምክልኻል ዝሕግዝ ምኻኑ፡ እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ገሊጹ።

ብመሰረት'ቲ ኣብ መንጎ ሰለስቲአን ሃገራት ዝተኸተመ ስምምዕ፡ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ሃገር ዝፍጸም ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ሰለስቲአን ሃገራት ከም ዝተፈጸመ ክቝጸር እዩ።



## ሰራዊት ናይጀርያ፡ ብዕጡቓት ዝተጨውዩ ሰባት ኣድሒኑ

ሰራዊት ናይጀርያ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ክፍለ ሃገር ዛምፋራ እናተጓዕዙ ከለዉ ብዕጡቓት ንዝተጨወዩ 33 ሰባት ናጻ ከም ዘውጽአ ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር፡ እቶም ጨወይቲ ኑቶም ጅሆ ዝሓዝዎም ሰባት ናብ ዘይፍለጥ እናግዓዝዎም ከለዉ ሰራዊት ናይጀርያ ከም ዝረኸቦም ድሕሪ ምጥቃሱ ተኸሲ ምስ ከፈተሎም ኑቶም ጅሆታት ጠንጢኖሞም ኣብ ጥቓኦም ናብ ዝበረ ጫካ ከምዝሃደሙ ሓቢሩ።

ኣብ ገለ ክፋል ሰሜናዊ ምዕራብ ናይጀርያ፡ ንመበድልቲ ተባሂሉ ዝፍጸም ጭውያ ልሙድ ኮይኑ፡ ዓበይቲ ማሕመራት ጸርግያ ድማ በዚ ምኽንያት ዒላማ ኮይኖም ከም ዘለዉ ይሕበር።

ይኹን'ምበር፡ ብዝተጨነቑ ሰድራ ቤታት ኮነ ኣብ ገለ ኢጋጣሚታት ብበዓል ስልጣን ናይጀርያ ዝኽፈል መበድልቲ፡ ንቲርእዮ ናይቲ ጭውያታት መሰሉ የጋድዶ ከም ዘሎ ይግለጽ።

ኣፈኛ ሰራዊት ናይጀርያ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኩሎም እቶም ጅሆ ዝተታሕዙ ሰባት ብዘይ ዝኾነ ጉድኣት ከም ዝተረኽቡ ብምምልካት፡ ሓይልታት ጸጥታ ኑቶም ጨወይቲ ንምክትታል ይፍትኑ ከም ዘለዉ ኣረዲኡ።

ሓይልታት ጸጥታ ናይጀርያ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ንዝተጨወዩ ግዳያት ኣብ ምድሓን ዓወት የመዝግቡ ከም ዘለዉ ዝሓበረ'ቲ ኣፈኛ፡ ዝሓለፈ ሓሙሽተን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝተጨወዩ ልዕሊ 300 ሰባት ከም ዘድሓኑ ኣፍሊጡ።



## ምዕራብ ኤውሮጳ - ተራእዩ ዘይፈልጥ መጠን ዋዒ ተመዝጊቡ

ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ፡ ኣብ ዝሓለፉ ወርሓት ሰነ ሓምለን ቅድሚ ሎሚ ተራእዩ ዘይፈልጥ ልዑል መጠን ዋዒ ከም እተመዝገበ፡ ተቖጻጻሪ ለውጢ ክሊማ ሕብረት ኤውሮጳ ሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻብ ኣገልግሎት ለውጢ ክሊማ ኮፐርኒከስ፡ ማእከላይ ሙቐት ናይ'ቲ ዞባ ኣብ ወሸጢ'ዘን ዝሓለፋ ክልተ ኣዋርሕ 21.62 ዲግሪ ሴንቲግሬድ እዩ ነይሩ። እዚ ድማ፡ ምስ'ቲ ኣብ 2022 ክብረ ወሰን ሒዙ ዝነበረ መጠን ዋዒ ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ0.79 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ከም ዝለዓለ ኣረዲኡ።

ኣብ ሓያሎ ኣፍሊጋት ትሑት ደረጃ መጠን ማይ ከም ዝተራእየ ዝሓበረ'ቲ ጸብጻብ፡ እዚ ትሑት ዋሕዚ ንቐረብ ማይን ማሰኖን ከም ዝጸለዎ ሓቢሩ።



ብዘይካ'ዚ፡ ዓበይቲ ባርዕ ጫካታት ዝፈጥርዎ ልዑል መጠን ትኪ ናብ ኣየር ኣብ ዝዕርገሉ እዋን፡ ኣሽሓት ኪሎ ሜተራት ክጓዓዝን ንጽሬት ኣየር ካልኦት ሃገራት ክጸልዎን ከም ዝኽእል፡ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ኣጠንቂቑ።

ኣብ መወዳእታ ሓምለ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ፈረንሳ ዝተኸስተ ባርዕ፡ ኣስታት 42 ሽሕ ሄክታር ዝሰፍሓቱ ጫካ ከም ዝሃመኸ፡ ልዕሊ 220 ሽሕ ሰባት ድማ ካብ መረብዮም ከም ዘመዛበለን ይፍለጥ።

ኣብ ተመሳሳሊ እዋን፡ ኣብ ታሪኽ ስጳኛ ዝዓበየ ባርዕ ጫካ ኣብ ከባቢ ማድሪድ ኣብ እትርከብ ኣውራጃ ኣቪላ ድሕሪ ምኽሰቱ፡ ኣብ 44 ሽሕ ሄክታር ዝገመት ስፍሓት ዝበረ ኣግራብ ከም ዝተሃመኸ ይሕበር።

## እስራኤል፡ ብትራምፕ ዝተዳለወ ውጥን ነጺጋ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ፡ ነቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ንወሸመጥ ቓዛ ብዘምልከት ዘውጽኦ 15 ነጥብታት ዝሓዘ ውጥን ሰላም ብምንጻግ፡ ሓማስ ምሉእ ብምሉእ ዕጥቁ ክፈትሕ ዘይፈቅድ ሓይልታት እስራኤል ካብ'ቲ ቦታ ክም ዘይስሕቡ ኣፍሊጡ።

ናታንያሁ ነዚ ዘፍለጠ፡ ትማሊ ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ሃገሩ እዩ።

"ሓማስ ዕጥቁ ምሉእ ብምሉእ ክፈትሕ ዘቐውረ፡ ሓይልታት እስራኤል ካብ ቓዛ ዝስሕብሉ ምኽንያት የለን። ሓማስ ኣብ ልዕሊ ሓይልታትናን ሰላማውያን ዜጋታትናን ዘፈጸሞ ዘሎ ስጉኣት ንምፍሻል ድማ ብዝኸኣለና ክንሰርሕ ኢና" ክብል ገሊጹ።

ሓደ ብዓል ስልጣን ሓማስ ግን ትማሊ ሰንበት ንብቢሲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ጉጅለ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ንምትግባር ድሉው ምኻኑ ብምሕባር፡ ነቲ 15 ነጥብታት ዝሓዘ ውጥን ብዕቱብን ብሓላፍነታዊ መንገዲን ንምትግባሩ ክሰርሕ ድሉው ከም ዝኾነ ኣረጋጊጹ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ ሓማስን እስራኤልን በቲ ኣቐዲሞም ዝበጽሕዎ ስምምዕ ንኽቐየዱ፡ እቶም መንጎኛታት ኮይኖም ዝዋስኡ ዘለዉ ኣካላት ጸቕጢ ክገብሩ ጸዊዑ።

ገለ ነጥብታት ናይቲ ውጥን ንኣፈጻጽማ ናይቲ ስምምዕ ዝከታተል ቦርድ ሰላም ስርሑ ክጅምር፡ ከምኡ'ውን ሓማስ ዕጥቁ ክፈትሕ፡ ሰራዊት እስራኤል ካብ ወሸመጥ ቓዛ ክስሕብን ማሕርሒ ዳግመ ህንጻት ናይ'ቲ ወሸመጥ ክበገስን ዝጠልብ እዩ።



እስራኤል፡ ስምምዕ ምቝራጽ ተኸሲ ንምትግባር ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ካብ እትሰማማዕ ንደሓር፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ መጥቃዕቲ ምፍጻም ትቕጽሎ ከም ዘላ ይፍለጥ።

## ደ/ኮርያን ኣመሪካን፡ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ የካይዳ

ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን ካብ 17 ክሳብ 27 ነሓሰ ምዝባዕ ጂፒኤስ፡ ምምካት መጥቃዕቲ ሳይበርን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ዘጠቓልል ዓቢ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምዳት ከካይዳ ምኻነን ሓቢረን።

እተን ሃገራት ነዚ ዝሓበራ፡ ነቲ እናማዕበለ ዝኸይድ ዘሎ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሰሜን ኮርያ ንምብዳህ ኣብ ዝጽዕራሉ ዘለዋ እዋን እዩ።

ዓመታዊ ዝካየድ ወተሃደራዊ ልምምድ 'ኡልቺ ፍሪደም ሺልድ'፡ ሰራዊት ክልተአን ሃገራት ወተሃደራዊ ስርሒታት ናይ ምክያድ ዓቕሙ ዝፍትሽን መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ንዘኻብሮ ዘሎ ልምምድ ድሉውነት ንህጹጽ እዋን ዝድግፍን ምኻኑ፡ እተን መሓዙት ሃገራት ኣብ ዘውጽኦኦ ሓባራዊ መግለጺ ኣረዲአን።

እቲ ልምምድ፡ ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ዘሎ ጸጥታዊ ስግኣት ንምብዳህ ዝዓለመ ምኻኑ ተሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ልምምድ፡ ኣስታት 18 ሽሕ ወተሃደራት ደቡብ ኮርያ ክሳተፉ ምዃኖም፡ እዚ ድማ ምስ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ልምምዳት ዝዳረግ ምኻኑ፡ ሓደ ደቡብ ኮርያዊ ካፕቴን ገሊጹ።

ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን እቲ ልምምድ ኣብ ምክልኻል ጸጥታዊ ስግኣታት ዘተኮረ ከም ዝኾነ እኳ እንተ ሓበራ፡ ሰሜን ኮርያ ግን ነቲ ዘሎ ወጥሪ ዘኻርር ምትኽኻታኽ ከም ዝኾነ ብምግላጽ ከሲናቶ ኣላ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ናይ ሓጺር ርሕቀት ባሊስቲካዊ ሚሳይል ናብ ባሕሪ ገጹ ዝተኮሰት ሰሜን ኮርያ፡ ንእገዳ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብምጥሓስ፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር፡ ባሊስቲካዊን ክሩዝን ሚሳይላትን ካልኦት ኣጽዋርን ምምዕባል ቀጺላ ከም ዘላ ይፍለጥ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 11/08/2026 | ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ. ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፈስ ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services